# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.35 | ቀዳም 10 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን


ገጽ 4
ድሕነት ጸባ


ገጽ 5
ክውስን ኣይከኣልኩን


ገጽ 10
ንኤርትራውያን ኣደታት ንመስል ዶ፧


ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር 'እዚ ምዕራብ' ...

## ሓጋዝ - ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ሓጋዝ፡ ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ብሓፈሻ ኣብ ምቁጽጻር ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ድማ ብፍላይ ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ብ6 ጥቅምቲ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ዞባ ዓንሰባ ተወዲቡ ንወሃኒ ትካላትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ሳላ ዝተኻየደ ጽዑቕ ጎስጓስን ኣስተምህሮታትን ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ክብ ስለ ዝበለ፡ መጠን መልከፍቲ ናብ 0.6 ሚእታዊት ከም ዝወረደ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ንጠንቅን ሳዕቤናትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ኣገባብ ምክልኻሉን፡ ምስ'ቲ ቫይረስ ንዝነብሩ



ዜጋታት ብሕብረተሰብ ክግበር ዝግባእ ናብዮት፡ ከምኡ'ውን ተሪን ኣበርክቶን ማሕበር ዘጠቓልል ተመክሮ ህይወቶም ኣካፊሎም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ኣደረኣብ በርሀትኣብ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ብምባል ንዘኾነ ሕማም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው ከም ዝከኣል፡ እናንቁልቆለ ዝመጸእ ዘሎ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኣብኡ ምኻኑ ብምሕባር፡ መልከፍቲ ናይ'ቲ ሕማም ናብ ዜሮ ንምውራድ፡ ዝያዳ ንቕሓት ከም ዘድሊ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ጎስጓሳት ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ድማ ብፍላይ ክቕጽል ኣዘኻኺሮም።

## ሃኮሰኤ ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ገስጋስ ትግባረ ውጥን ስራሕ ገምጊሙ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ገስጋስ ትግባረ መደባት ዝሓለፈ ትሸዓተ ኣዋርሕ ዝገምገመ ኣኼባ፡ ብ8 ጥቅምቲ ኣብ ባጽዕ ኣካዪዱ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሃብተማርያም ተስፋሚካኤል ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ምውዳብ ሓደስቲ ማሕበራትን ዳግመ-ምውዳብ ዝጸንሓ መሰረታውያን ማሕበራትን ዕዉት ስራሕ ከምእተኻየደ፣ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥም ግርጭታት ድማ ብልዝብ ይፍታሕ ምህላዉ ብምሕባር፡ ንትግባረ መደባት ስልጠና መራሕቲ ማሕበር፣ ምሕያል ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ቦታ ስራሕ፣ ከምኡ'ውን ምትግባር ንጥፈታት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝሕግዝ መማእዘኒ ሓሳባት ኣቕሪቡ።

ሓለፍቲ መሰረታውያን ማሕበራት ድማ፡ ጸብጻባት ዝቐደድዎ ንጥፈታት ስራሕ ኣቕሪቦም።

ኣገዳስነት ውዳበን ተራ መራሕቲ ማሕበራትን ኣብ ምህናጽ ኣድማዒ ማሕበር ቀሊል ከምዘይኮነ ዝሓበረ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃኮሰኤ ኣቶ ተስፋይ ግርማይ፡ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ብምስታፍ ኣፍራይነቱ ንኽሕይል፡ ሓላፍነት ናይ ኩሎም ኣካላት ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ብማሕበር ዝውደብ ሞያዊ ስልጠናታት ክድፋኣሉ፣ ስሉሳዊ ዝምድና ብምሕያል ኢንዱስትሪያዊ ሰላም ንምስፋን ብሰፊሑ ክሰራሓሉ፣ ዛጊት ዘይተወደቡ ሰራሕተኛታት ክውደቡ ምእንቲ ድማ ጎስጓስ ክሕይል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ኣብ ኢጊላ፡ ፕሮጀክት ቀረብ ዝስተ ማይን ኣገልግሎት ኤለክትሪክን ይዋደድ ኣሎ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኢጊላ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ፕሮጀክት ቀረብ ዝስተ ማይን ኣገልግሎት ኤለትሪሲቲን ይዋደድ ኣሎ።

እቲ ፕሮጀክት ማይ፡ ምስራሕ 145 ፊስቶ እትሕዝ ባስካ፡ ምዝርጋሕ ሸድሽተ ኪሎ- ሜተር ሻምብቆታትን ህንጸት ሰለስተ ነቑጣታትን ከም ዘጠቓልል ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኢጊላ ኣቶ ዑመር ኢብራሂም፡ ድሮ ምውዳድ ጸሓያዊ ጸዓትን ምስራሕ ባስካን ከም እተዛዘመ ገሊጹ።

ኀኒ-ኀኒ'ዚ፡ ዓድታት ኢጊላን መንሱራን ተጠቀምቲ ሓይሊ ኤለክትሪክ ንክኾና፡ ዓንድታት ተተኺሎን ምዝርጋሕ ገመድ ተዛዚሙን ስለ ዘሎ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ቈጸርቲ ተዓዲለን ኣገልግሎት ክጅመር ምዃኑ'ውን ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ንመስርሕ ህንጸት ፕሮጀክት ማይ ዝመርሕ ዘሎ ኣቶ ጉዕሽ ይመስገን ብወገኑ፡ ንዕዙዝ ተሳትፎ ኮምን ኣካላት መንግስትን ድሕሪ ምምስጋን፡ እቲ ስራሕ ክሳብ ዝዛዘም ከም ዝቕጽል ጽኑዕ እምነት ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ሓላፊ ኣገልግሎት ማይ ኣቶ ዘርኣይ ክብርኣብን ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ኣሰፋው ቱርኳይን ድማ፡ ህዝቢ ኣብ ቀረብኡ ተጠቃሚ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምኻን ኣብ ዝበዝሓ ምምሕዳራት ከባቢ ይሰራሕ ከም ዘሎ ገሊጾም።



ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ 1 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ከም እተዘከረት፡ ወኪል ኤሪና ሓቢራ።

# ሓረስቶት ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ምሩጽ ኣዝርእቲ ተጠቒሞም እቶቶም ከዕብዩ ሞያውያን መኺሮም

ተጠቃምነት ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ኣብ ምድንፋዕ እቶታውነት ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለ ዘለዎ ሓረስቶት ከዘውትርዎ፡ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጽዮን መኺሩ።

ብምኽንያት መዓልቲ ሓረስቶት ብ6 ጥቅምቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ባሪ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣቶ ፍስሃየ፡ እቶታውነት ሕርሻ ንምዕባይ፡ ኣብ ርእሲ ትሕዝቶ ሓመድ ንምሕላዉን ዝፍደድ ንጥፈታት፡ ተጠቃምነት ምሩጽ ኣዝርእቲ'ውን ወሳኒ ምዃኑ ገሊጹ።

ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ሕማምን ደርቅን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ ጸቡቕ ክዕቐንን ክትትልን ምስ ዝግበረሉ ዝተዓጻጸፈ ምህርቲ ከም ዝህብ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምሩጽ ዓይነታት ዘርኢ ዕፉን ብኣብነታውያን ሓረስቶት ናይ ምብዛሕ መደብ ተኣታቲዩ ይሰራሓሉ ከም ዘሎ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ሓረስቶት ብፃቕጥም ጠለብት ምሩጽ ዘርኢ ንምውሓስ ብትግሃት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ቤትጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሴ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብወሰናት ሓረስቶት ዝፍደድ ዘርኢ ናይ ምብዛሕ ተበግሶታት ብኹሉም ሓረስቶት ክስፋሕ ብምምሕር፡ ንኣገባብትን ሜላታትን ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ብዝምልከት፡ ብኽኢላታት ዝወሃብ ስልጠናታት ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣዘኻኺሩ።

ኣብነታውያን ሓረስቶት ድማ፡ ብምኽሪ ሞያውያን ተሰንዮም፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ብማሰመር ዘሪኦም ጸቡቕ ውጽኢት ከም ዝረኸቡ ብምሕባር፡ ብስሉ ፍልጠታዊ ኣገባብት ተመራሒካ ዝፍደድ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ካብ ዘይተደልየ ቀንጠባዊ ወጻኢታትን ሃልኪ ጉልበትን ብምንጋፍ፡ ርቡሕ እቶት ከም ዝህብ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ሕጽረት መማዕበሊ እቶትን መድሃኒታትን ካብ ቀንዲ ብድሆታቶም ምዃናም ብምሕባር፡ ቀልጣፊ ፍታሕ ክግበረሎም ተማሕጺኖም።




## ሃይኮታ - ባርዕ ሓዊ ንዋታዊ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ሓወሲ ከተማ ሃይኮታ፡ ብ8 ጥቅምቲ ኣብ ትካል ቅድመ-ትምህርቲ ዝተኸስተ ባርዕ ሓዊ፡ ንዋታዊ ዕንወት ከም ዘውረደ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ዛጊት ጠንቁ ዘይተፈለጠ ባርዕ ሓዊ፡ ካብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ንሓደ ሰዓት ከም ዝቐጸለ፡ ብሸነኹ ድማ 4 ክፍልታት ምስ ምሉእ ትሕዝቶኡ ከም ዝዓነወ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ሃይኮታ ሰርጀንት በየነ ርእሶም ገሊጹ።

እቲ ባርዕ ኣብ ቀጽጽር ንምእታው፡ ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊ፡ ህዝቢ፡ ኣባላት ፖሊስን ሰራዊትን ንዝገበርዎ ፅዑዝ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ሕብረተሰብ ንተመሳሳሊ ሓደጋታት ካብ ዘቃልዑ ተርእዮታት ክጥንቀቕ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ጥራይ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 620 ሽሕ ናቕፋ ዝገመት ንዋታዊ ዕንወት ዘስዓበ ሽውዓተ ሓደጋታት ባርዕ ሓዊ ከም ዘጋጠመ፡ ጸብጻብ ፖሊስ ሃይኮታ የረድእ።


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጨፈራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰሩዓዊት ፊልም ትም ምባል ስለዝመረጸ 4ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መሬት ማይን ኣከባብን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ርእሰ ዓንቀጽ

### "ሃሪሙኒ በኺዩ፡ ቀዲሙኒ ከሲሱ"

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራ ብወራር ግዝኣት ኢትዮጵያ ብምኽሳስ፡ "እዚ ዘይምኽኑይ ወራር ንዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ከም ዝኽእል" ኣጠንቂቑ። "ሃሪሙኒ በኺዩ፡ ቀዲሙኒ ከሲሱ" ዝብሉኹም፡ ከም'ዚ ዓይነት ስልበጣ'ዩ።

እዚ ክሲ'ዚ መሰረት ከም ዘይብሉን እቲ ሓቂ በንጻሩ ምዃኑን ዘረድእ ድሙቕ ሓቅታት ክንጠቕስ፦

1. ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቅሉዕ ወራር ዝኣወጀት፡ ቀዳማይ ሚኒስተራ ብ13 ጥቅምቲ 2023 - ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት - ንፓርላማ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "እንተተኻኢሉ ብዘተ፡ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ብሓይሊ፡ ልኡላዊ መስኮት ባሕሪ ክንውንን ኢና" ኢሉ ዝገለጸሉ ዕለት'ዩ።

2. መንግስቲ ኤርትራ ብ16 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ዘውጸኦ መርኣያ ኑብሰ-ግትኣት ዘኹነ ቀጠብን ሓላፍነታውን ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ከም ወትሩ - ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ መኣዲታት ከምዘይዕደም ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ንኹሎም ግዱሳት ከይትንከፉ ተማሕጺኑ።

3. መራሒ ብልጽግና፡ ኑቲ ዘየቋርጽ ናይ ኩናት ዘመተኡ፡ ንሰዓብቱ ኣለዓዒሉ ደገፍ ንኽረክብን ኣብ ሓንጎሉ ንዘሰላስሎ ናይ ምውራር ዕሱብ ኣጀንዳኡ ባይታ ንምጥጣሕን፡ "እስራኤል ኣብ ሮራታት ጎላን ንዘገበረቶ ወራር"፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ንምውራርን ንዕሱብ ንምሓዝን ከም ሓጋዚ ኣብነት ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

4. ክንዮ'ዚ ብምኻድ'ውን፡ "ኣብ ኣብያተ-ግምጃ ካቢኑ፡ ፓርላማን ካልኦትን ንናጽነት ኤርትራ ዘረጋግጽ ሕጋዊ መርትዖ ወይ ሰነድ ደልዩ ደላልዩ ከምዘይረኸበ" ብምሕባር፡ ንልኡላውነት ኤርትራ ዝጸግዕ ንናይ ዳግመ-መግዛእቲ ጥሙሕ ዘጽር መደረ ኣስሚዑ።

5. እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ዝረኸቦን ባዕሉ ኣብ ዝፈጠሮን ዕድላት፡ ቀንዲ ተልእኾ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ "ምርግጋጽን ምውሓስን ሰላም ቀይሕ ባሕሪ ካብ ጫፍ ሶማልያ ክሳብ ወደብ ባጽዕ" ማእከል ዝገበረ ምዃኑ ብወግዒ ኣፍሊጡ'ዩ።

6. ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ላዕለዎት ፖለቲካውያንን ወተሃደራውያንን መራሕቲ ብልጽግና፡ ኣብ ዝረኸብዎ ህዝባዊ ኣጋጣሚታት፡ "ንዝተፈጸመ ታሪኻዊ ጌጋ ክእርሙ" ከምኡ'ውን ንወደብ ዓሰብን ደቡባዊ ክፋል ገማግም ቀይሕ ባሕርን ብሓይሊ ወሪሮም ብምሓዝ፡ ኑቲ "ኣሎና" ዝብልዎ ሓይሊ ባሕሪ "ስትራተጂካዊ ዕምቈት" ከምዘውሕሱ ብዓውታ ገሊጾም'ዮም።

7. ብ27 መስከረም 2026 - ቅድሚ ወርሒ ምዃኑ'ዩ፡ ምኽትል ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ "ኣብ ትግራይ ተጀሚሩ ዘሎ መጥቃዕቲ፡ ኣብኡ ደው ዝብል ከምዘይኮነ" ኣፍሊጡ። ንሱ ወሲኹ፡ "መቐለ መሰጋገሪት'ያ። እታ ናይ መወዳእታ መዓርፎና ዓሰብ'ያ። ቀንዲ ዕላማና ድማ፡ ባንዴራና ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምትካል'ዩ።" ኢሉ ኣነጺሩ።

8. ዕቡዳንን ሃነነይታን ስርዓት ብልጽግና ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብመንጽር ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝነበረ ተንኩል ምጥቃዕን ምውራርን ኤርትራ ምርኣዩ'ውን ይከኣል'ዩ። ነዚ ድጉል ኣጀንዳኡ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብወግዒ ኣይደርጉሖን። የግዳስ፡ ኣብ መፋርቕ 2022 ኣብ ጅቡቲን ሲሸልስን ኣብ ዝተኻየደ ምስጢራዊ ርክባት፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፍጽሞ ወራር ክትሕግዞ ክሓብብላን ክሸሕጥን ፈቲኑ ነይሩ'ዩ። ፍልይቲ ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ'ውን፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2022 - ገለ ኣዋርሕ ቅድሚ ስምምዕ ፕሪቶርያ - ናብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምብጻሕ ኣብ ዘዘርግሓቶ ምስጢራዊ ሰነድ፡ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገብረ ስምምዕ ሰላም "ፍሩስ" ምዃኑ ኣዊጃ'ያ። እዚ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኤርትራ ብዘዕብኡ ዝኹነ ኣመት ዘይነበሩ ዘንቀደ ውዲት'ዩ ነይሩ።

ብጥምር ዝበለ፡ ስርዓት ብልጽግና ኑቲ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ካልእ ኣባል ሃገር ሓይሊ ምጥቃም ወይ ምፍርራሕ ዝኽልክል መሰረታዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕግን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ብምጥሓስ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘይምኽኑይ ወራር ንምፍጻም ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ክሰርሕ ጸኒሑ'ሎ። እዚ ሕጂ ዘካይዶ ዘሎ "ኤርትራ ግዝኣተይ ወሪራ" ዝብል ናይ ጸለመ ዘመተ ድማ፡ ካብ'ቲ "ሃሪሙኒ በኺዩ፡ ቀዲሙኒ ከሲሱ" ዝብል ምስላ ዝፍለ የብሉን።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

### ሎርድ ባሮን ከልቪን (1824-1907)

ሎርድ ባሮን ከልቪን፡ ናይ ክብሪ ስም እዩ። ሓቀኛ ስሙ ዊልያም ቶምሶን ይብሃል። ኣብ ስነ ፍልጠት ብዝገበሮ ዝተፈላለየ ኣበርክቶ፡ ከምቲ ናይቲ ግዜን ከባብን ልምዲ ናይ ክብሪ ስም ተዋህቦ። ኣብ ቅድሚ ስሙ እተጠብቐ "ሰር" ዝብል ክብሪ ድሕሪ ምርካቡ፡ ሰር ዊልያም ቶምሶን ተባሂሉ ይጥቀስ ነበረ። ድሕሪ ብዝገበሮ ኣበርክቶ ከኣ ባሮን ከልቪን ተባሂሉ፣ ኣብ ቅድሚ ስሙ እትጠብቐ 'ሎርድ' እትብል ማዕርግ ድማ ኣላቶ - ሎርድ ባሮን ከልቪን።

'ከልቪን' ዝብል ቃል ምስ መዐቀኒታት መጠን ረስኒ ተተሓሒዙ ክጥቀስ ንሰምዖ ኢና፣ ወይ'ውን ተማሂርናዮ ኣለና። ሓደ ካብ መዐቀኒታት መጠን ረስኒ እዩ። ልክዕ ከም ደረጃታት ሰልሲየስን ፋህረናይትን እዩ። ኣብ ሕግታት ጋዝ፡ ንመጠን ረስኒ ብከልቪን ኢና እንጥቀም። ብደረጃ ሰልሲየስ ንዘወሃበና መጠን ረስኒ ድማ 273 ብምድማር ናብ ከልቪን ክንቅይሮ ንኽእል። እዚ ስም መዐቀኒ መጠን ረስኒ 'ከልቪን'፡ ንኽብርን መዘከርታን ሎርድ ባሮን ከልቪን ዝተዋህበ እዩ። ሎርድ ከልቪን መን'ዩ፧

ጄምስ ቶምሶን፡ ኣቦ ዊልያም፡ ኣብ በልፋስ ኣካድያምያዊ ኢንስቲቱት መሃንድስን መምህር ስነ ቍጽርን ነበረ። ዊልያምን ኣሕዋቱን ዝሓሸ ትምህርቲ ንኽረኽቡ ዝሓሸ ዕድል ነበሮም። ዊልያምን ምዕባይ ሓው ጄምስን ኣብ ገዛኦም ብኣቦኦም ክምሃሩ እንከለው፡ ዝተረፉ ኣሕዋቱ ከኣ ብዓባይ ሓብቶም ይምሃሩ ነበሩ። እቶም ኣብ ርእሲ ርእሲ እተወልዱ ቈልዑ፡ ኣደኦም ገና ብንእሶም እንከለው'ያ ካብዛ ዓለም ተፈልያ። ድሕሪ ምስ ጄምስ ቶምሶን ምምርዓዋ፡ ኣብ ውሽጢ 12 ዓመት ሽዱሽተ ቈልዑ ገዲፋ ሓሊፋ። ዊልያም ከኣ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ነበረ።

ምዕባይ ሓዉ፡ ብጽልዋን ሓገዝን ኣቦኦም ናይ ምህንድስና ትምህርቲ ክቐጽል እንከሎ፡ ዊልያም ግን ኣብ ፈረንሳ፡ ጀርመንን ሆላንድን በብእዋኑ እናኸደ ቋንቋታት የጽንዕ ነበረ። ቋንቋ ቀዳምነት ዘወሃቦ ትምህርቲ ነበረ። ዊልያም ገና ብንእሱ ወዲ 12 ዓመት እንከሎ፡ 'ቃል ኣምላኽ' ዝተባህለ መጽሓፍ ካብ ላቲን ናብ እንግሊዘኛ ብምትርጓሙ ስልማት ረኸበ። ኣብ ሳይንስ ብዝነበሮ ተመሳጥ ቀልጢፉ ዝተለለየ ዊልያም፡ ኣብ ስነ ፈለክ ብዝገበሮ መጽናዕቲ'ውን ኣብ



ንእስነቱ ስልማት ክወስድ ክኣለ።

ነቲ ኣብ ስነ ቍጽሪ ፍሉጥ ዝነበረ ፎርየር፡ ሰርሓቱ ከጽንዕ ጀመረ። እቲ ብውሽጢ ውሽጢ ብሰር ኣይዛክ ኒውቶን ዝምራሕ ከም ዝነበረ ዝንገረሉ ናይ ብርጣንያ ኣካዳሚ፡ ንሮርየር ዝቐነዐ ነቐፌታ የቕርብ ነበረ። ንመጽናዕቲ ፎርየር ዘውድቐ ነቓፌ መጽሓፍ ብፍሊፕ ከላንድ ምስ ተጻሕፈ፡ ዊልያም በዚ ተደሪኹ፡ ንፎርየር ዝድግፍ መጽናዕቱ ኣሕተመ። በዚ ከኣ ንማሕበረሰብ ስነ ፍልጠት ኣጥዕዩ ተላለየ። ፎርየር ኣብ ስነ ቍጽሪ ዝተፈልጠ ኰይኑ፡ ኣብ ናይ ኮለጅ ናይ ኳልኵላስ ትምህርትና፡ 'ፎርየር ሲርየስ' ዝተባህለ ርእሱ ዝኸኣለ ምዕራፍ ክጽንሓና እዩ።

ዊልያም፡ ኣብ ርእሲ ርእሲ መጽናዕትታቱ ከሕትም በቐዐ። ብ1841 ንዘይተለዋዋጢ ምንቅስቓስ ዋዒ ምስ ቍጽሪኣዊ ክልሰ ሓሳብ ኤለክትሪክሲቲ ብምዝማድ ብዘቕረቦ መጽናዕቲ ስሙ ንሰማይ ኣዕረገ።

ዊልያም ኣብ ቀመራት ቀዳማይን ካልኣይን ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቍጽሪኣዊ ትንተና ኤለክትሪክሲቲ ብዝገበሮ መጽናዕቲ ስምን ክብርን ረኸበ። ንግስቲ ቪክቶርያ፡ ነቲ 'ሰር' ዝብል ክብሪ ሃበቶ። ጸኒሑ እቲ ቀዳማይ ናብ 'ገዛ ጐይቶት' ዝተጸምበረ ብርጣንያዊ ነበረ። እቲ ጸኒሑ ናይ ክብሪ ስሙ ዝኾነ ሎርድ ከልቪን ከኣ ሽዑ ተዋህቦ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ግላስጎው፡ ብጥቓ እቲ ቤት ምርምሩ ዝሓልፍ ከልቪን ዝተሰምየ ሩባ ነበረ። ካብዚ ስም እዚ ሩባ'ዚ ብምብጋስ 'ጐይታ ከልቪን' ብምባል ጠመቑዎ።

ከልቪን ብፍላይ ኣብ ተርሞዳይናሚክስ ብዝገበሮ ኣበርክቶ፡ ነቲ ንሱ ዝተመራመረሉ ሚዛን መጠን ረስኒ፡ መዐቀኒ ኣሃዱኡ ብስሙ ክኸውን ተወሰነ።

ማርታ ሰመረ

## ሓጋዚት ኢድ

### ሎርድ ከለቪንን ጄምስ ጁልን



ጄምስ ጁል ንሓደ ነገር ንምውዓይ ክንዲ ምንታይ ጸዓት ከም ዘድሊ ዝፈለጠ ቀዳማይ ስነ ፍልጠኛ እዩ። ሎሚ ንመውዓዩ እንጥቀመሉ ጸዓት ካበይ ከም ዘመጽእ ንፈልጥ ኢና። ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ፈላጣት "ንዝኾነ ዘውዒ ነገር፡ ዘውዒ ሓደ ምስጢራዊ ጋዝ ኣሎ። ናብቶም ነገራት እናኣተወን እናወጽአን ድማ የውዕዮም፡" ዝብል እምነት ነበሮም። ጁል ኣብ ዝገበሮ ፈተነ ኣብ ሓደ መትሓዚ ዘሎ ማይ ብዝቐለለ ዝዘወር መኹሲ ከኸሶ እንከሎ፡ ምስቲ ማይ ብዝፍጠር ምፍሕፋሕ እቲ ማይ ክውዒ ጀመረ። እቲ ንኽኹስ ዘህለኾ ጸዓት፡ መልክዑ ቀይሩ ናብ ዋዒ ተቐይሩ'ምበር ኣይጠፈአን። በዚ ከኣ ኣምር 'ኮንዘርቨሽን ኦፍ ኢነርጂ' ክለልዮ ክኢሉ።

ንርኽበታቱ ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ኮሚተ ወይ ማሕበር ስነ ፍልጠተኛታት ግዲ ኣይገበርሉን። ብ1847 ክሰምዑዎ ተኣኪቦም ነበሩ። መግለጺኡ ክሰምዑዎ'ኳ እንተ ከኣሉ፡ ቍምነገር ዘሎዎ ገይሮም ኣይወሰድዎን። እንተኾነ፡ እቲ ዝነኣሰ ኣብቲ ኣኼባ ዝነበረ ዊልያም ቶምሰን ዝተባህለ መንእሰይ ካብ ኮፍ ዝበሎ ብምትንሳእ ርኽበታት ጁል ኣገደስቲ ምዃኖም ተዛረበ። እቲ መንእሰይ ጸኒሑ 'ሎርድ ከልቪን' ብዝብል ስም ክብሪ ዝረኸበ ስነ ፍልጠተኛ እዩ ዝነበረ። መጠን ረስኒ ካብ እንዕቅነሎም ኣሃዱታት 'ዲግሪ ከልቪን' ብስሙ ዝጽዋዕ ዘሎ ስነ ፍልጠተኛ እዩ። ጁል ነቲ ጽኑሕ ርድኢት ካሎሪን ዋዕን ክቃወም እንከሎ፡ ሎርድ ከልቪን የስተብህለሉ ነበረ። በዛ ሓንቲ ደገፍ ዝሃቦ ከኣ ጁል ጽቡቕ ተቐባልነት ክውሰኽ ጀመረ።

ክልተኦም ብሓደ ምኻን ከኣ 'ጁል-ታምሶን ኢፈክት' ዝበሉዎ ኣምር ዘርግሑ። እዚ ኣምር ዋዒ ናይ ዝኾነ ጋዝ ክዝርጋሕ እንከሎ ከም ዝዝሕል ዝገልጽ እዩ። ኣብ ፍርጅን ኣየር ኮንዲሽነርን ክሰርሕ ድማ ንረኽቦ።

## ዳእላ ተመሃሮ

Student arrived late at school, and teacher was already in class:

Student: "Sorry Sir I'm late, it won't happen again."

Teacher: "Don't worry son, at least you're early for the next period."

ሜሪማና

## ንግንዛብ

### ጉዕዞና ከመይ ነበረ፧

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመተ ትምህርቲ ጉዕዞና ከመይ ምንባሩ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ተመሃሮ ክንከውን ተስፋ ንገብር። በብግዜኡ ገምጋም ከይገበርና ንኸይድ እንተ ነበርና'ውን ግዜኡ ኣይሓለፈን። ኣብዚ ካብ ጽዑቕ ናይ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ናብራ ምናልባት፡ እተዛለቐ ግዜ ንኣቱ ስለ ዘለና ጉዕዞና ክንገምግም ዝበለጸ ግዜ ኣሎና። እሞ ጉዕዞና ከመይ ነበረ፧ ዘዕገበና ነጥቢ ኣመዝጊብናዶ፧ ካብቲ ኵሉ እተመሃርናዮ ክንደይ ሚእታዊት ብርድኢት ፈሊጥናዮ ኣለና ኢልና ክንግምት ንኽእል፧ ቤት ትምህርቲ ካብ ህጻንነትና፡ ስድራና ክንከይድ ስለ ዘገደዱናን ዘልመዱናን ጥራይ ዲና ክንምሃር ጸኒሕና፧ ዋላስ ትምህርትን ፍልጠትን ንጥቕምና'ዩ ኢልና ኢና እ ክራማት ከም ድላዮም ፊዕ ክብልሉ ምኺኖም ስለ ዝርድኦም ግን ክንድኡ ኣይጭነቑን። እቲ ንዝበዝሐ ኣዋርሕ ናይቲ ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ እተመላለሱዎ፡ ዘባኸኑዎ ግዜ፡ ዘውጽኡዎ ወጻኢታት፡ ንእኦም ተባሂሉ ህዝቢ ዘውጽኣሎም ወጻኢታት፡ ዕዮ ናይቶም ንእኦም ክብሉ ዝደኸሙ ስድራ፡ ሓገዝትን መምህራንን፡ … ኵሉ ተተሓሒዙ ውሕጅ ይወስዶ። ግዜ እቲ ክምለስ ዘይክእል ህያብ ናይ ተፈጥሮና እዩ። ንኹሉ ገግዜኡ ስለ ዘሎዎ፡ እቲ ኣብ ሓደ ዓመት ወይ ዕድመ ክግበር ዝግባእ ክግበር እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ጽባሕ ተመሊስሉ ክገብሮ ክግድድ ይኽእል። ክትምለስ - ክትምለስ ንቕድሚት ከይከድካ ክትነብር'ውን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ናይ ክራማት ወቕቲ ከኣ ንገለ እዋን ካብ ጽዑቕ ንጥፈታት እልይ ኢልካ ክትሓስብን ክትውስንን ይሕግዝ እዩ'ሞ ተጠቐምሉ፣ ንቕድሚት ክስትጉሙዶ ትደልዩ ክትምለሱ፧

መም. ስተላ መሓረና

## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ልክዕካን ጽቡቕን ሕልሚ ክትትግብር ኣብ ትብገሰሉ ግዜ ትህኪት ቦታ የብሉን።"

- Miguel de Carvantes

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ድሕነት ጸባ

## ምድላው ርግኦ ካብ ዘይፈልሐ ጸባ፡ ምስታይ ዘይፈልሐ ጸባ ገመል ...!?

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ድሕነት መግቢ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ስጋ ውጽኢቱን ኣተኲርና፣ ንኣጠቓቕማኦምን ምዕቃቦምን እንታይ ጥንቃቐታት ክግበር ከም ዘለዎ ዝምልሱ እተፈላለዩ ሕቶታት ብምልዓል፡ ኣቶ ዓወት ርእሶም፡ ካብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ቍጽጽር ብቕዓት መድሃኒት እንስሳን ክታበትን፡ ተወኪስና ኣቕሪብናልኩም ኔርና። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ድማ ንውሑስ ኣጠቓቕማ ጸባ ዝምልከት ከነብርህ፡ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ቀሪቡ ኣሎ።**



### ድሕነት ዘሎዎ ፍርያት ጸባ ንምርካብ፡ እንታይ ጥንቃቐታት ክግበር የድሊ፧

ድሕነት ጸባ፡ ካብ ጥዕናኣ እተሓለወ እንስሳ እዩ ዝጅምር። ጸባ፡ ምሉእ ዘይጉዱል መግቢ ኰይኑ፡ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ ሰባት፡ እንስሳታትን ታህዋስያንን እዩ። ብባህርይኡ ተነቓፊ ስለዝኾነ፡ ብጽሬት ምስ ዘይተሓዝ ብደቀቕቲ ታህዋስያን (microorganisms) ብቐሊሉ ይብከል። ስለዚ ቅድሚ ሕልባ፡ ጕለን ጡብን ናይታ እትሕለብ እንስሳ፡ ብጽሩይን ውዑይን ማይ ክሕጸብን ብንጹህ ጨርቂ ክድረዝን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ጕለን ጡብን ናይ ጸባ እንስሳ ንብከላ ካብ ከባቢ (ሓመድ፡ ዒባ እንስሳ፡ ወዘተ) ዝመጽኡ ታህዋስያን ዝተቓልዐ ስለዝኾነ፡ ጽሬት ነዞም በከልቲ ታህዋስያን ናብቲ ጸባ ከይኣትዉ ይከላኸል። ጸባ ዝሓልብ ሰብ፡ ኣቐዲሙ ኣእዳዉ ብሳምናን ጽሩይ ማይን ክሕጸብ ኣለዎ። ዝኾነ ናይ ቆርበት ሕማም፡ ቁስሊ ወይ ሰዓል ዘሎዎ ሰብ ክሓልብ ኣይግባእን። ከምኡ'ውን ተላገቢ ሕማማት ዘሎዎ ሰብ ጸባ ኣይሓልብን።

ብተወሳኺ፡ እቶም ካብ ኩሎም ጕለታት እንሓልቦም ቀዳሞት ክልተ ወይ ሰለስተ መስመራት ጸባ፡ ንብከላ ብባክተርያ ዝተቓልዑ ስለዝኾኑ፡ ንበይኖም ሓሊብካ ክውገኑ ኣሎዎም። እቶም ጸባ ዝእከበሎም ቢዶኒታት'ውን ብመጽረዪ (Detergent) ተሓጺቦም ብውዑይ ማይ ክመኽኑ ይግባእ። ናይ ፕላስቲክ ቢዶኒታት ባክተርያ ንኽራብሑሉ ምቹእ እዩ። ስለዚ፡ ካብ ዘይምርት ኣቻዮ ወይ ኣሉሚንየም ዝተሰርሑ ቢዶኒታት ምጥቃም ዝበለጸ ይኸውን።

ጸባ ኣብ ዝሕለበሉ እዋን፡ ዓቐን ምቝቱ 37-38 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ (ዲ.ሰ) ይበጽሕ። እዚ ደረጃ ምቝት ድማ ኣብ ናይ ሓደጋ ደረጃ ምቝት (5-60 ዲ.ሰ) ይርከብ። ጸባ፡ ኣብዚ ምቝት'ዚ ግዜ እንተ ወሲዱ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ባክተርያታት ኣብኡ ይራብሑ። ስለዚ፡ ጸባ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት ኣብቲ ዝድለ ዓቐን ዛሕሊ፡ ኣብ 4 ዲ.ሰ ብቕልጡፍ ክዘሑል ወይ ኣብ 70 ክሳዕ 80 ዲ.ሰ ዋዒ ክፈልሕ ይግባእ።

### ጸባ ንምዕቃብ ተባሂሉ ቀመማት ምውሳኽ እንታይ ሓደጋ ኣሎዎ፧

ኣብ ዓለምና፡ ጸባ ከይበላሾ ብምባል ከም ሃይድሮጅን ፐርኦክሳይድ (Hydrogen peroxide ($H_2O_2$)) ዝኣመሰሉ ቀመማት ይውሰኹ እዮም። እዚ ተግባር'ዚ ግን ብፍጹም ዝተኸልከለን ንጥዕና ወዲ-ሰብ ኣዝዩ ሓደገኛን እዩ። ምኽንያቱ፡ እዞም ኬሚካላት ኣብ ውሽጢ ሰውነትና፡ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ምጕዳእ ጨጕራን ካልኦት ሕዱራት ሕማማትን ከስዕቡ ይኽእሉ። ጸባ ውሑስ ኰይኑ ንነዊሕ ንኽዕቀብ፡ እቲ እንኮ ፍታሕ ብግቡእ "ምዝሓል" ጥራይ እዩ።

### ጸባ ገመል ከይፈልሐ ክስተ ከመይ ይርአ፧

ኣዝዩ ሓደገኛ! ኣብ ገለ ሕብረተሰብና ብልምዲ፡ "ጸባ ገመል እንተፈሊሑ ሓይሉ ይደክም'ዩ" ብምባል ከየፍልሑ ዝሰትዩዎ ኣለዉ፣ እዚ ግን ብመሰረቱ ግጉይ ተግባር እዩ።

ጸባ ገመል ከም ኩሉ ዓይነት ጸባ፡ ሓደገኛታት ባክተርያታትን (ከም ሕማም ምቝላዕ (Brucella) ዘስዕቡ) ካልኦት ሓደገኛታት ታህዋስያንን ክህልዎ ስለ ዝኽእሉ፡ ጥዕናኻን ጥዕና ስድራኻን ንምሕላው ግድን ክፈልሕ፣ ማለት ክመክን ኣለዎ።

### ርግኦ፡ ካብ ዘይፈለሐ ጸባ ምድላው፡ ውሑስ ድዩ፧

ካብ ዘይመኸነ ወይ ዘይፈለሐ ጸባ፡ ርግኦ ምስራሕ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ንጻልጣ ጸባ ከየፍላሕካ ርግኦ ምድላው ወይ ምምስራሕ ማለት፡ ነቶም ኣብቲ ጻልጣ ጸባ ዝጸንሑ ሕማም ዘምጽኡ ባክተርያ ንኽራብሑ ዕድል ምሃብ እዩ። ስለዚ፡ ርግኦ ቅድሚ ምምስራሕና፡ እቲ ጸባ ብዝግባእ ምፍላሑ ከነረጋግጽ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ዘይፈልሐ ጸባ ብዓይነና ዘይርኣዩ ታህዋስያን ብምርባሕ ንሕማም ምቝላዕ (Brucella)፡ ዓባይ ሰዓል(TB)ን ካልኦት ሕማማትን ከቃልዓና ይኽእል። ባክተርያ ሕማም ምቝላዕ ኣብ ሰብ፡ "ማልታ ፊቨር" ዝብሃል ተደጋጋሚ ረስኒ፡ ድኻምን ቃንዛ መለጋግቦን የስዕብ። ጸባ ምፍላሕ እምበኣር፡ ነዞም ባክተርያታት እዩ ዝቐትሎም። ስለዚ፡ ርግኦ ቅድሚ ምምስርሑ እቲ ጸባ ክፈልሕ ኣለዎ። እቲ ንርግኦ ዝኸውን ኰስኰሳ (Culture) ድማ እቲ ጸባ ምስ ዘሓለ (ኣብ 40 ክሳዕ 45 ዲ.ሰ ምቝት) ይውሰኽ።

### ሓንቲ ናይ ጸባ እንስሳ መድሃኒት ኣብ እትወስደሉ ግዜ፡ ጸባኣ ኣፍሊሕና እንተሰተናዮ ከመይ ይርአ፧

ፍጹም ጌጋ! ምኽንያቱ፡ ምፍላሕ ጸባ ንባክተርያ እምበር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ጸባ ዘሎ ተረፍ-መረፍ መድሃኒት ኣየጥፍኦን እዩ። እቲ መድሃኒት ኣብቲ ጸባ ወይ ስጋ ስለዝጸንሕ፡ ነቲ ሓኪም ዝሃበካ ናይ መስርሕ ምውጻእ ግዜ፡ ክሳዕ ዝውዳእ ክትጽበ ኣለካ። ብዙሓት ሰባት፡ ጸባ ስለዝፈልሐ ጥራይ፡ "ምሉእ ብምሉእ ውሑስ" ዝኸውን ይመስሎም'ዩ። እኹል ምቝት ነቶም ሕማም ዘምጽኡ ባክተርያታት (ከም ሳልሞኔላ) ይቐትሎም እዩ። እንተኾነ ነቲ ቀመማዊ ተረፍ-መድሃኒታት ኣየጥፍኦምን እዩ። ምኽንያት፡ ጸረ-ታህዋስያን ብንቡር ምቝት ኣይጠፍኡን እዮም።

### ስጋ ወይ ጸባ "ተበላሽዩ" ወይ "ተበኪሉ" ከም ዘሎ ብዓይንና ርኢና ክንፈልጦ ንኽእል ዶ፧

እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ ሰባት መግቢ ሽታኡ ወይ ሕብሩ እንተዘይቀዪሩ ጥዑይ ይመስሎም'ዩ። እዚ ግን ፍጹም ጌጋ እዩ። መርዛማት ባክተርያታት ከም ሊስተርያ (Listeria) ወይ ሳልሞኔላ ኣብቲ መግቢ እንከለዉ፡ ንሽታ፡ ሕብሪ ወይ መቐረት ናይቲ መግቢ ከይቀየሩ፡ ኣብኡ ክራብሑ ይኽእሉ እዮም።

ስለዚ፡ መግቢ ጽቡቕ ስለ ዝሸተተ ጥራይ "ውሑስ እዩ" ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ድሕነት መግቢ ዘረጋግጽ፡ ካብ መጀመርታ ብጽሬት ብምሓዝን ብግቡእ ብምብሳልን ጥራይ እዩ።

***


ኣቶ ዓወት ርእሶም




## ሕቶ ፍረ-ጻዕሪ

### 'ስግረ ብከላ መግቢ' (Cross-contamination) ክብሃል እንከሎ እንታይ ማለት'ዩ፧

ስግረ ብከላ መግቢ ክንብል እንከሎና፡ በከልቲ ነገራት ከም ቀመማት፡ ባክተርያ፡ ዕሲ፡ ጽግዕተኛታት፡... ካብ ሓደ ዝተበከለ መግቢ ወይ ንሱ ዝተንከፎም ነገራት፡ ናብ ጥዑይ መግቢ ክሰግሩ እንከለዉ ማለት'ዩ። ንኣብነት፡ ጥረ ስጋ ዝመተርናሉ መሳርሒታትን ጣውላን ከይሓጸብና ንኣሕምልቲ (ሰላጣ) ወይ ንዘይበስሉ መግብታት እንተተጠቒምናሉ፡ እቶም ኣብቲ ጥረ ስጋ ዝነበሩ ታህዋስያን ናብቲ ጥዑይ መግቢ ይሰግሩ። ብፍላይ ሰላጣ ስለዘይበስል፡ እቶም ታህዋስያን ብቐጥታ ናብ ሰብነት ሰብ ይኣትዉ። ስለዚ፡ ንጥረታትን ንዝበሰለ መግብን ዝኸውን ኣቕሑ ኩሉ ግዜ ክፈላለ ኣለዎ። እንተዘይክኢልና ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መስርሕ ብጽሩይ ማይን መንጽሂን (ከም ሊሊ) ብግቡእ ክሕጸቡ ኣለዎም።

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ሶፊያ ፍቓዱ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ክውሰን ኣይከኣልኩን



ደዋሊት፥ ሄሎው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ኣለኺ፧ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል፧ ካበይ ቦታ ትኾኒ፧

ደዋሊት፥ ትዕግስቲ እብሃል፣ ካብ ዞባ ደቡብ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ፡ ትዕግስቲ። መደወሊኺ ጉዳይ እንታይ ይኸውን፧

ደዋሊት፥ ኣነ ጓል 38 ዓመት፡ ኣደ ሰለስተ ቈልዑን ዝተፋታሕኩን'የ። ኣብዚ እዋን ብዝተፈላለዩ ሰባት ንሓዳር እሕተት ኣለኹ። እቲ ሓደ ብዓልቤተይ ነበር'ዩ። ሓደ ድማ ናይ ቀረባ መሳርሕተይ ኮይኑ ንቡር ዘይፈተነንን'ዩ። ስድራይ ድማ "ናብራ ዘይትገብሪ ክሳዕ መዓስ ንበይንኺ፡ ዋላ ሕማቕ ይኹን ናትካ ትብሎ ናብራ'ዩ ዝጠቕመካ፡" እናበሉ ጸቕጢ ይገብሩለይ ኣለው። ብዝኸድክዎ ብዘረባ ሰባት ስለ ዝተሸገርኩ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ትዕግስቲ፡ ገለጾ ብዛዕባ ድሕሪ ባይታኺ ምሓበርክኒ፧

ደዋሊት፥ ኣነ ሰራሕተኛ'የ። ጓል 20 ዓመት እንከለኹ'የ ስድራይ ምስ ዘማጽኡለይ ተመርዕየ፡ ሓዳር ዝገበርኩ። ድሕሪ ሰለስተ ቈልዑ ምውላድና፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ስለ ዘይተረዳእና ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ብፍትሕ ተፈላሊና። ደቀይ ሒዘ ድማ እናሰራሕኩ ምስ ስድራይ እነብር ኣለኹ።

ኣማኻሪ፥ እስኪ ገለ ካብቲ ዘፋትሓኩምን ሕጂ ብዓልቤትኪ ነበር ንኽምለሰኪ ዝድርኾ ዘሎ ሓሳብን እንታይ ይኸውን፧

ደዋሊት፥ ቀንዲ ንፍትሕ ዘምርሓና ጉዳይ፡ ሕሳስ ልደት ውላድና፡ ክብድ ዝበለ ኦቲዝምን ተደራቢ ሕማምን ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ምእላዩ ብሓሳብ ተፈላለና፡ ክንረዳዳእ ኣይከኣልናን።

ከምዚ በይነይ ዝወለድክዎ ብሰንክኺ'ዩ ዝዓይነቱ፡ ጠንቂ ጸገም ውላድና ናባይ ከጸግዖ ስለ ዝጀመረ፡ ኵሉ ጾር ናባይ ደርብይዎ፡ ክሕግዘኒ ኣይከኣለን። ድሕሪ ምፍታሕና'ውን ካብ ቀለብ ቈልዓ ሓሊፉ፡ ንሕክምና ይኹን ናብ ካልእ ዋላ ተሰፋ እንታይ ትገብሪ ኣለኺ ዘይብሉ፡ ከሰንይን ክሰዕበንን ኣይከኣለን። ውላድና ሕማሙ እናኸበዶ ስለ ዝኸደ፡ ድሕሪ ናይ 10 ዓመታት ስቓይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ዩ ዓርፉ። ምስ ዓረፈ፡ ሰብ ክርእየሉ ላዕልን ታሕትን ክብል ተራእዩ። ነዚ ኵነታት መዘሚዙ ድማ ንወለደይ "ዕረቑና" እናበለ ክጉስጉሶም ጀሚሩ። ወለደይ 'ካብ ዘይትፈልጦ መልኣኽ ምስ ትፈልጥ ሰይጣን ይሓይሽ' እናበሉ ጸቕጢ ይገብሩለይ ኣለው። ኣነ ግና ካብ ልበይ ኣውጺኤዮ'የ። ኣብ ጸገመይ ቁሊሕ ኢልኒ ዘይፈልጥ ወደይ ስለ ዝሞተሉ ድዩ ሕጂ! እዚ እንታይ ይገብረለይ ንዓይ! ኣየድልየንን'ዩ። እቲ መሳርሕተይ ዝብለካ ዘለኹ ሰብ ከኣ ንቡር ስለ ዘይፈተነ፡ ብሰባት ክወርደኒ ዝኽእል ሕሜታን ብሂላትን እናሓሰብኩ ክቐስን ኣይከኣልኩን።

ኣማኻሪ፥ ብወገንኺ ንሓደር ድልውቲ ዲኺ፧

ደዋሊት፥ ምስ ወደይ ስድራይ ለኪመ ዝሕለፍክዎ ህይወት ክዝክር እንከለኹ፡ እንታይ ዝዓብስ ሓዳር'ዩ እብል ነይረ። ዘጋጥመኒ ዘሎ ጸቕጥታት ግና 'ክሳዕ መዓስ ምስ ስድራኻ፡ ናብራኺ ግበሪ' ዝብል ሓሳብ'ዩ ዝመጽኣኒ ዘሎ። ካልእ ዕድመይ'ውን የሻቕለኒ'ዩ። ኣብ ውላድ ጸገማት ከየጋጥመኒ ስክፍታታት ኣሎኒ። ረሲዐልካ ከኣ'ባ፡ ደቀይ'ውን ቈልዓ ዘይትወልድልና እናበሉ የሸግሩኒ'ዮም።

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ ውላድ ደኣ እንታይ'ዩ ዘሰክፈኪ፧

ደዋሊት፥ እዋእ "ጓለንስተይቲ ዕድመ እንተ ወሲኻ ኣብ ውላድ ጸገም ይፈጥረላ'ዩ፡" ዝብሃል፡ ተመሳሳሊ ጸገም ከየጋጥመኒ ሻቕሎት ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፥ ኦቲዝም ሓደ ካብቶም ብዙሓት ጠንቂ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና'ዩ። መበገሲ እዚ ኵነት ክኸውን ዝኽእል ብዙሕ'ኳ ዝግለጽ እንተኾነ፡ ንጹር ጠንቁ ግና ፍሉጥ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ምስ ዕድመ ጓለንስተይቲ ይኹን ወዲ ተባዕታይ ቀጥታዊ ምትእስሳር የብሉን። ክምኡ'ውን ዝኾነ ዓይነት ኵነታት ወሊድ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ'ዩ ዝተኣሳሰር ዝብል ስነ ፍልጠታዊ መረጋገጺ የለን። ምውላድ'ውን ብኣደ ጥራይ'ዩ ዝፍጸም ዝብል መረዳእታ'ውን ስለ ዘየለ፡ ንኣደ ጥራይ ዝሕደግ ምኽንያት ምኽኑይ ኣይኮነን። ምናልባት ምስ ገለ ጥዕናዊ ጸገማት ተተሓሒዙ ክስዕብ ዝኽእል ሓልክታት ምስ ዝህሉ፡ ናብ ዝምልከቶም ሰብ ሞያ ጥዕና ብምቕራብ ምኽሪ ክርከብ ይከኣል'ዩ። ክሳብ ዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ ብሂላት ተመርኩስኪ፡ ካብ ድላይክን ሓሳብትክን ክትበኹሪ ግና ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣቐድም ኣቢልኪ ወፊርኪ ትኣትዊ ምኻንኪ ሓቢርክኒ ኔርኪ፣ ስለዚ ብቕጠባ ናብራኺ ንምምራሕ እንታይ ጸገም ከጋጥመኪ ዝኽእል ይመስለኪ፧

ደዋሊት፥ ሓቂ ይሓይሽ ዝሓለፍክዎ ጸገማት፡ ብዙሕ ስለ ዝደሃለኒ ንሓዳር ኣየስተብህለሉን'የ ነይረ። ሕጂ ግና እዚ ኵሉ ጸቕጢ ክወርደኒ ምስ ጀመረ ናብራኺ ፍለዩ ዝብል ሓሳብ ቅጂል ይብለኒ ኣሎ። ብቑጠባ'ኳ ጸገም ከየጋጥመኒ ኣይሰክፍን'የ።

ኣማኻሪ፥ ርእስኺ ክኢልኪ ምንባርን፡ ሓዳር ምግባርን ዝተፈላለየ ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ብዛዕባ መሳርሕትኺ'ኸ እንታይ የሻቕለኪ፧

ደዋሊት፥ እዚ ደኣ ርዱእ እንድዩ፡ ዘይተመርዓወ ንዝወለደት ክምርያ ብዙሕ ሕሜታታት ከጋጥም ይኽእል'ዩ። ገለ ካብኡ "እንታይ ጓል ስኢንካ፡" "ደቂ መን ከተዕቢ፡" "ንቡር ከይፈተንካ ምስ ዝፈተነት፡" "ሕጂ ክንደይ ክትወልደልካ'ያ፡" ወዘተ ዝብሉ ሕሜታታትን ጸቕጥን ከጋጥም ይኽእል'ዩ።

ኣማኻሪ፥ እሞ እዚ ትብልዮ ዘለኺ ንስኺ ትብልዮ ጥራይ ድዩ፧ ዋላ ብወገኑ የስተብህለሉ'ዩ፧

ደዋሊት፥ ብዛዕባ እዞም ኣርእስቲታት እዚኦም፡ ምስኡ ብዙሕ ተዘራሪብና ኢና። እዚ ኵሉ ተስተብህለሉ ዲኻ ኢለዮ እየ። ንሱ ዝብሎ ዝሓለፍክዮ ጸገማት ስለ ዝፈልጥ፡ "ጽንዓትክን ተወፋይነትክን ምሳይ ስለ ዝሰማማዕ፡ ናይ ሰብ ዘረባ ኣገዳሲ ኣይኮነን'ዩ፡" ይብል። "ደሓር ከኣ ኣነ ብዙሕ ውላድ ኣይደለ'የ፡ ዋላ ሓደ ውላድ ጥራይ እንተ ወለድና እኹል'ዩ፣ እቲ ዘገድስ ፍቕሪ'ዩ፡" ይብል። "ደሓር ከኣ እቶም ደቕኺ ደቀይ'ዮም ኣይትሸገሪ፡" እዩ ዝብለኒ። ኣነ ግና ካብ ምፍታው ዝነቐለ ከይከውን የሰክፈኒ'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ሌላኹም ክንደይ ድዩ ገይሩ፧ ዕድሚኡ'ኸ ክንደይ ይኸውን፧

ደዋሊት፥ ዕድሚኡ ዳርጋ መሰታይ'ዩ። ምናልባት እውን ብ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት'ዩ እንተ ዓበየኒ። ሌላና ኣብ ስራሕ'ዩ፣ ብሓደ ኣርባዕተ ዓመት ሰሪሕና ኣለና። ጉዳይ ሓዳር ኣልዒልና ክንዛረብ ካብ እንጅምር ግና እዚ ክልተ ዓመት'ዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ግና ዝምድናና መሳርሕትና ይኹኑ ስድራና ይፈልጥዎ'ዮም። እዚ ግዜ ክንፋለጥ ስለ ዝኽኣልና፡ ንኹነታተይ ብግቡእ ተረዲኡዎ'ዩ እየ ዝብል።

ኣማኻሪ፥ ሕጂ ዝኸብደኪ ዘሎ እንታይ'ዩ፧ ምምራጽ ድዩ ዋላ ርእስኻ ክኢልካ ምንባር'ዩ፧

ደዋሊት፥ ጓለንስተይቲ በይና እንተ ኮይና ትድንደን'ያ። ዋላ ነብስኻ እንተ ኣልዒልካ ሰባት ካልእ'ዮም ዝሓስብዎ። ሰብኣይ እንተ'ለዋ ግና ኣይትድፈርን'ያ። ደሓር ከኣ ናብራ ብናይ ሰበይቲ ዓቕሚ ጥራይ ኣይከኣልን'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ህይወት ብምትሕብባርን ስኒትን ዝሓሸ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝሰሓት'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብዙሓት ኣደታት ንበይነን ናብራ መሪሐን ደቀን ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሓ ከም ዘለዋ ርጉጽ'ዩ። እዚ ኵነት ብውሑዱ ንዘለወን ርእሰ ተኣማምንነትን ብቕዓትን ዘመስክር'ዩ። ብኻልእ ወገን ዝኾነ ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ምትእማምን ደኣ'ምበር ብናይ ካልእ ሰብ ትሕዝቶን ዓቕምን ኣሚኑ ምስ ዝጓዓዝ፡ ትጽቢትን ክውንነትን ምስ ዘይሳኻዓሉ ክሸገር ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎ።

ክብረት ናይ ዝኾነ ሰብ ድማ ብባህርያቱን ኣካይድኡን ደኣ'ምበር ብናይ ካልእ ሰብ ሚዛን ኣይልካዕን'ዩ። እዚ ክብለኪ እንከለኹ፡ ባህልናን ልምድናን ንሓዳርን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ዘሎዎ ግምት ዘንዒዐ ኣይኮንኩን። ምኽንያቱ፡ ሓዳር ሓደ ካብ መለክዒ ክብርታት ሕብረተሰብና ስለ ዝኾነ። ርእስኺ ናይ ምኽኣል ድሌትኪ ድማ ኣብ ዓቕምኽን ክእለትክን ደኣ'ምበር ኣብ ናይ ካልእ ሰብ ዓቕሚ ዝምርኮስ ኣይመስለንን። መፍትሒ ናይዚ ሕቶ ኮይኑኪ ዘሎ ኵነት፡ ሓቀኛ ድሌታትክን ስምዒታትክን ብግቡእ ተገንዚብኪ፡ ምስ ገዛእ ርእስኺ ብቕንዕና ምልዛብ'ዩ። ንሕሉፉኪ ብዝግባእ ተንቲንኪ፡ ናይ መጻኢ ድሌትክን ናብራኽን ብዓይኒ ሕልናኺ ብምስኣል፡ እቲ ምቹእ ስምዒት ዝፈጥረልኪ ምርጫ ምስ እትውስኒ ዝሓሸ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል።

ደዋሊት፥ እንድዒ ወደይ፡ ነገር ጓለንስተይቲ ጸገም'ዩ።

ኣማኻሪ፥ ናይ ህይወትኪ ሓላፍነት፡ ባዕልኺ ክትስከምዮ እንተ ክኢልኪ ዝሓሸ ዕግበት ዝፈጥረልኪ፡ ንሰብ ክጥዕሞ ሰብ እንታይ ክብለንን ብዝብል ምጉት ተደሪኽኪ እንተ ወሲንኪ፡ ድሒሩ ዘጣዕሰኪ ክኸውን ስለ ዝኽእል ርግጽ ኢልኪ ምሕሳብ ከድልየኪ'ዩ። ጾታኺ ከም ጸገም እንተ ተረዲእክዮ ግና ዘዕግብ ውሳኔ ንኽይትውስኒ ክዕንቅፈኪ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፥ እንድዒ ወደይ፡ ክሓስበሉ'የ። ካልእ ግዜዶ ክድውለልካ፧

ኣማኻሪ፥ ጸገም የለን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓትን ግዜን ኣለኹ ደውሊ።

## ልቦና

# ንምንታይ'ዩ ገንዘብ ክህልወካ ዘለዎ፧

ቀንዲ ትርጉም ናይ ስራሕካን ገንዘብ ምኽዕባትካን፡ ዝደለኻዮ ክትድዕግ፡ ከም ዝደለኻዮ ንኽትነብር፡ ኣብ ባህ ዘበለካ ንኽትከይድን እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብሓቂ ካብ ትኽክለኛ ርድኢት ናይ ኣገዳስነት ገንዘብ ወጺእካ ስለ ዘለኻ፡ እቲ እትደልዮ መጠን ገንዘብ እንተ ረኺብካዮ እኳ ኣይክትዓግበሉን ኢኻ፣ ከምቲ ዝድለ እውን ኣይክብርክተልካን እዩ። ቁምነገር ናይ ምስራሕ ገንዘብ ንኹሉ እቲ እትደልዮ ዘበለ ንኽትገዝእ ዘይኮነ፡ ዋላ ሓደ እውን ይኹን ንዓኻ ንኽይገዝኣካ ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ናይ ብሓቂ ጸጋ፡ ኣቑሑትካ፡ ልብስታትካ፡ መኪናኻ ኮታስ ኩሎም እቶም ነገራውያን ዋንነትካ ከተርኢ ዕጽፍ ዝርግሕ ብምባልካ ኣይኮነን ዝትመን። እቲ ናይ ብሓቂ ጸጋስ ብናጽነትካ እዩ ዝልካዕ፣ እምቢ ናይ ምባል ሓይልኻ፡ ካብ ዘይትኣምነሉ ነገራት ናይ ምምላጥ ብቕዓትካ፡ ንህይወትካ ብናይ ባዕልኻ ውዕል እምበር ብናይ ካልኦት ክፍሊት ወይ ደገፍ ከይተደረተት ክትነብራ እንከለኻ እዩ ሃብትኻ እናስተማቐርካዮ፡ ገንዘብካ መዓልኡ እናተገንዘብካዮ ትመጽእ።

ልዑል ማሕበራዊ ኮነ ቁጠባዊ ደረጃ ንኽህልወካ ኢልካ ንገንዘብ ሃሰው ትብሎን ከተርክቦ ዳምዳም ትብልን እንተ ኳንካ፡ ጊላ ናቱ ኳንካ ምትራፍካ እዩ። ነቶም ናትካ ፍቕርን ኣተኩሮን ዘድልዮም ከማኻ ሰባት ረሲዕካ ንገንዘብካ ክትከናኸን፡ ከይጠፍእ ክትሕሉን እዩ ዝኸፍኣካ። ኣሎ ብዝበሉኻ ድማ ጸደፍደፍ እናበልካ ተናድዮ፣ ዋላ እውን ንህይወትካ ኣብ ሓደጋ ብዘእቱ መልክዕ። እንተኾነ ገንዘብ ናጽነትካ ክተውሕስሉ ኢልካ ምስ እትሃንጾ፡ ተመሊሱ ንዓኻ ዘገልግል መሳርሒ እዩ ዝኸውን። እቲ ሽቶ ንስኻ ብነገራት ኮነ ገንዘብ ንኸይትግዛእ ብኣንጻሩ ግን ግዜኻ፡ ምርጫኻ፡ ከምኡ ድማ መጻኢኻ ባዕልኻ ንኽትውንኖ'ዩ።

ብኸምዚ ምስ እትርድኦ፡ ገንዘብ ኣብቲ ዝለዓለ ጽፍሑ፡ ድርኺት እዩ ዝኸውን። ምርጫ ይህበካ፡ ምልከት ይፈጥረልካ፣ ሓደ እኳ ነቲ ናትካ ዋጋ ከም ዘይውስን የረጋግጸልካ። ምኽንያቱ፡ ንስኻ ናይ ብሓቂ ካብ ተመርኲስነት ነጻ ምስ ኳንካ፡ ሽዑ እዩ ናይ ብሓቂ ሃብታም ትብሃለሉ።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰላም ብርሃ ደብሩ፥ ወላዲተይ ለተርፍኤል ሃብተማርያም ክፍለ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ብርኽቲ ማሓሪ ተስፋዝጊ፥ ብዓል ቤተይ ተኽለማርያም መብራህቱ ቀሺ ዑቕባ ስለዝዐረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቀና ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተስፋይ ደብሳይ ምባል ተሪፉ፥ ኤልሳ የማን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣበበ ተስፋይ በርሀ፥ ኣቦይ ተስፋይ በርሀ ንጉሰ ስለዝዐረፈ፥ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሮዳስ እስቲፋኖስ ዘርኣይ ምባል ተሪፉ፥ ፊሽን እስቲፋኖስ ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ፍረወይኒ የውሃንስ ጓለይ ሳራ ምሕረትኣብ ዕቑባሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ ኣቦኣ ምሕረትኣብ ዕቑባሚካኤል ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤተልሄም ተከኤ ጉብረሃንስ ምባል ተሪፉ፥ ሳራ ተከኤ ጉብረሃንስ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ለምለም ረዘነ ወልደሚካኤል፥ ብዓልቤተይ ከሰተ ጉብረሊባኖስ ጉብረ ስለዝተሰወኣ፥ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሙተ ወልዱ ቀሊታ፡ ብዓልቤተይ ዑቕባይ ተመልሶ ሓጎስ ስለዝዐረፈ፥ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ነሳ ገዛዙበ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግደይ ተስፋይ ወልደኣብዝጊ፥ ብዓል-ቤተይ ማሰፍን ጉብረንጉስ ስለዝዐረፈ፥ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ብርሃ ኣድሓኖም፡ ብዓል-ቤተይ ኩሓሰ ብርሃ ኣቦዪ ስለዝዐረፈ፥ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ፍረወይኒ ሃይለ ጉብረስላሴ፥ ተኸሳሲ ሃይለስላሴ ኪዳነ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ኣቶ ሰለሙን መለስ ተኽሉ፥ ወላዲተይ ደመቀሽ በየነ ገሹ ስለዝዐረፈት፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፋኑስ ክፍለየሱስ ፍስሃጽ፡ ብዓል-ቤተይ ኣማኑኤል ሓድጉ ጉብረእየሱስ ስለዝዐረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት 8 ደቁ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በይን ዓይናም ሽፋ ምባል ተሪፉ፥ በይን ዳይናም ሽፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊረንጂ ክብሮም ቀሺ ጺጋይ ምባል ተሪፉ፥ ትፍቶ ክብሮም ቀሺ ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ትርሓስ ረዘነ ማስፍን፥ ተኸሳሲ ክብሮም ቀሺ ጺጋይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍለጥ።

ከሳሲት ኣብርሀት ተስፋሚካኤል፥ ተጻዋዕቲ ወረስቲ ነ/ፍ ክብሮም ተስፋይ በራኺ 1.ንግስቲ ጠዓመ ወልደጉብረኣል 2.ሸሻይ ክብሮም 3.ሳሙኤል ክብሮም 4.ሰለሙን ክብሮም 5.ሚከኤል ክብሮም ንዓኸም ዝምልከት ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ 5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ካልሸም ሓጅሓምድ መሓመድዓሊ ምባል ተሪፉ፥ ካልሸም ሓጅሓምድ መሓመድነየዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ መብራህቱ ጉብረስላሴ ምባል ተሪፉ፥ ናርዶስ መብራህቱ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

ጽንዓት ጺጋይ ተኽለ ምባል ተሪፉ፥ ናትናኤል ጺጋይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ፡ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ከሳሲት ናጽነት ንእምኑ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኣቶይ ሳምራት ጉብረማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲት ወ/ሮ የውሃና ማስፍን ፍትዊ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሰመረ ሃብተማርያም ጉብረማስቀል፥ ናይ ሲቪል ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን10/11/26 ብ ኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍለጥ።

ኣቶይ ተስፋጋብር ጺጋይ፥ ካብ ወላዲተይ ኣኸበረት ባይሩ ጺጋይ፥ ዋንነታ ዝበረት ናይ ጽዕነት መኪና ቁጽሊዳ ER-3-A-3532 ስርሓት ቮልክስ ዋገን ቁጽሪ ቻሲ WV2 ZZZ-24ZOH080617 ብቁጽሪ ምትክር ዋንነት 55849 ዝተመዝገበት መኪና ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሳልሕ መሓመድ ሙሳ ምባል ተሪፉ፥ ሳልሕ ማሕሙድ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ኳላ ዓዲ/ከተማ ዓዲኳላ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 16900 ቁጽሪ መዝገብ 13740 ዝርከብ ናይ ታክሲ ትካለይ፥ ንወ/ሮ መርሃዊት ኣብርሃም ተድላ፥ ኣድራሻ ን/ዞባ ዓዲኳላ ዓዲ/ከተማ ዓዲኳላ ብዕለት 7/5/26 ስለዝሸጥኩሉ፥ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተሃልዩ፥ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ክፍለጥ።

ተስፋኣለም ተስፋሚካኤል

---


# PHARMECOR – ERITREA
## JOB ANNOUNCEMENT

Pharmecor – Eritrea invites qualified applicants for the following post.

| Position Description | |
|---|---|
| Position | IT Officer |
| Required No. | 1 (One) |
| Work Place | Asmara |
| Qualification | B.Sc./Diploma in Computer Science / Computer Technology or other related fields. |
| Experience | Two years for B.Sc. and four years for Diploma other related fields |
| Salary | As per Company Scale |

- Completed / Exempted from National Service.

Applicants should submit their resumes within 10 days from date of publication in the newspaper to:

PHARMECOR – ERITREA P.O.Box 200 Tel: 122613 / 114444

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Senior Supply Chain Supervisor**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Senior Supply Chain Supervisor is Responsible with all the functions within the Supply Department including Purchasing, Contracts, Logistics, Expediting.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Responsible with all functions within the Supply Chain including Purchasing, Contracts, Logistics, Expediting.
- Daily manage the workflow through each section; from the End-users, Procurement, Expediting and Logistics AND liaising and coordinating with Warehouse to confirm receipt of materials.
- Manage all aspects of logistics to determine the most cost-effective or efficient means of transporting products or Supplies considering delivery times, routing, shipping modes, transport costs, safety, and efficiency
- Resolve problems concerning transportation, logistics systems, imports, or exports.
- Resolve any issues or discrepancies in the supply chain process.
- Negotiate contracts and agreements with suppliers and service providers
- Ensure accurate record-keeping of all supply chain activities.
- Review supplier performance against delivery expectations and quality, Support and implement new product sourcing.
- Ensure compliance with industry regulations and company policies.
- Ensure the business gets the best terms possible from vendors and service providers
- Manage internal resources and third parties/vendors for the flawless execution of tasks, ensuring timely and accurate delivery within budget.
- Monitor import and export processes to ensure compliance with regulatory and legal requirements.
- Establish effective methods of managing the Expediting of highly critical and shut down items to ensure that supply chain related risks are minimized
- Manage Service Level Agreements for Major Site End Users to ensure required service levels are maintained or exceeded.
- Ensure good safety practices in all workstations.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in business or supply chain & Logistics |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years in Supply Chain and Logistics |
| Technical Skills | • Minimum 5 years as a Senior or Supervisor or higher.<br>• General understanding of mining and processes to offer effective supply management<br>• Other skills and abilities - Behavioral Skills<br>•<br>• Communication (English & local language)<br>• Analytical and problem shooting mindset.<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment |
| Behavioral Skills | • Strong leadership and mentoring skills<br>• Excellent communication and presentation skills<br>• Practical problem-solving ability<br>• Patience and cultural sensitivity<br>• Strong analytical and problem-solving skills.<br>• Excellent organizational and time-management skills.<br>• Ability to work independently and as part of a team. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# መዘናጋዒ

ዳህላክ ነጋሲ

## ኣካላት ደቂ-ሰብ ዝጸሮ ዘደንቕ ሓቅታት

* እቲ ዝበረኸ ዋሕዚ ደም ኣብ ኮሊት ከም ዝቐደድ ንፈልጥዶ፧ ምናልባት፡ ዝጠዘለ ዋሕዚ ደም ኣብ ልቢ፡ ጸላም ከብድን ሓንጎልን ዝቐደድ ክመስለና ይኽእል። እንተኾነ፡ ተፈጥሮኣዊ ዕማም ኮሊት ምጽማቑ ካብ ኩሉ በዚ ምኽንያት ዝበረኸ ዋሕዚ ደም ኣብ ኮሊት ይኣቱ።

* ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ወይ ምሉእ ጥዕና እትውንን ሳንቡእ ርዛ ሕብሪ ዝሓዘት እያ። እታ ብጠዘለ ሽጋራ ምትካኽን ካልእ ጠንቅታትን ዝተጠቕዐት ሳንቡእ ግን ናብ ካርታመ ዝኸደ ጸለም ሕብሪ ትውንን።

* ደም ኣብ ምሉእ ኣካላትና ካብን ናብን ንኽንቀሳቐስ ልቢ ልዑል ተራ ኣለዋ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ህርመት ልብና ኣስታት 100,000 ግዜ ይበጽሕ። ከምኡ'ውን ልቢ ኣብ ዓመት ኣስታት 36,500,000 ክትሃርም እንከሎ ክሳብ ሰላሳ ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ክሳብ ቢልዮን ግዜ ክትሃርም ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ልቢ ኣብ መዓልቲ ኣስታት




2,000 ጋሎን (4.5 ሊትሮ ዓቕን ፈሳሲ) ኣብ መላእ ኣካላት ትሰድድ።

* ቀንዲ ጥዕናዊ ጥቕሚ ኮሊት ኣብ ኣካል ደቂ-ሰብ ዝርከቡ ልዑል ዓቕን ማይ ምቁጽጻር ከምኡ'ውን ኣብ ደምን ካልእ ክፋልን ንዝተኣከበ ዘድሊ ርስሓት ምክልኻል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጸቕጢ ደም ንምቁጽጻርን ቀመማዊ ባኢታ ስርዓት ንምሓዝን ተገልግል። እንተኾነ፡ ኮሊት ብሰንኪ ሕማምን ካልእ ማህሰይትን ዝ ዝተጠቕሰ ንጥፈታት ካብ ምስልሳል እንተ ኣቋሪጻ፡ ፍወሳ ዲያሊሰስ ብምክትታል ደም ብናጻ ካብን ናብን ክንቀሳቐስ ይኽእል። እቲ ፍወሳ ብሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ከም ዝቐደድ ይፍለጥ።

\# ንደጋዊ ክፋሊ ኣካላት ዝሽፍን ቆርበት፡ ሓደ ካብ ክፋሊ ሰብነትና እዩ። ከም'ቶም ካልኦት ክፋሊ ኣካላትና ከም ኮሊት፡ ልቢ፡ ጸላም ከብድን ካልእን ይሰርሕ። ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብ ወዲ-ተባዕታይ ብጠምጋም ዕስራ ትርብዒት ኣጹባዕ ዝገመት ቆርበት ንምሉእ ኣካሉ ሸፊንዎ ይርከብ።

ኣብ ማእከላይ ዕድመ እትርከብ ጓል-ኣንስተይቲ እውን ቆርበት ኣካላታ ዓሰርተ ሸውዓተ ትርብዒት ኣኢጋር ይበጽሕ። ብተወሳኺ፡ ብጠምጋም ቆርበትና 12% ካብ ክብደት ሰብነትና ይሸፍን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወሓዱት ካልኢታት ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ዋህዮታት እናተለዋወጠ እቲ ሓድሽ ኑቲ ዝበረ ይትክእ።

* ኣብ ኣካል ደቂ-ሰብ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚእቲ ንጽል ናይ ኣስኪሬን ጭዋዳታትን ክልተ ሚእትን ሽዱሽተን ኣዕጽምትን ይርከቡ። ሓደ ኣብ እኹል ዕድመ ዝርከብ ሰብ 206 ኣዕጽምቲ ክውንን እንከሎ፡ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ግን ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ኣዕጽምቲ ይውንን። እቲ ህጻን ዕድመ እናወሰኸን ኣካላዊ ዕብየት እናደለበን ኣብ ዝኸደሉ እዋን እቶም ኣዕጽምቲ ገለኦቶም ብሓንሳእ እናተጣበቑን እናዓበዩን ክልተ ሚእትን ሽዱሽተን ይኾኑ።

*ሓንጎል ማእከል መቈጻጸሪ ኣካላትና እዩ። እዚ ኣካል ስርዓት-መትኒ ዝኾነ ክፋሊ ኣካላትና፡ ካብ ዋህዮታት መትኒ መልእኽቲ ይቕበል። ከምኡ'ውን ዝተላእኸ ምልክት ብምስትውዓል ወይ ብምልላይ ስርሑ የሰላስል። ብዘይካ'ዚ፡ ሓንጎልና ናብ ጭዋዳን ካልእ ክፋልን ሓበሬታ ይልእኽ። ሓንጎል ደቂ-ሰብ ዝሓየለ ክፋል ኣካልና ኩይኑ ንኹሉ ንጥፈታት፡ ሓሳባትን ስምዒትን ይቈጻጸር። ሓንጎል ምሉእ ጥዕና ንኽህልወናን ንኽንበርን ቀጻሊ ግብረ-መልሲ ንኽንህብን ዝሕግዝ እዩ።

## ውቃጦ መግለጺ ዘመናውነትዶ . . .

ውቃጦ ኣብ ቆርበት ግዝያዊ ወይ ነባሪ ስእባራት ዝገድፍ እዩ። እቲ ስእባራት ብተፈጥሮ ዝመጽእ ዘይኮኑ ንቆርበት ብዝተፈላለዩ ነገራት ብምጥባሕ፡ ብምጭንዓሕ ወይ ብምውጋእ ካብዚ ቀጺሉ'ውን እተፈላለዩ ሕብርታት ብምእታው ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ሕብርታት ኣብ ቆርበት ኣትዩ ከም ዝተርፍ ብምግባር፡ መልእኽቲ ንምትሕልላፍን ንመመላኸዒ ቆርበትን ዓሊሞም ደቂ-ሰብ የዘውትርዎ። ውቃጦ ካብ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣትሒዙ፡ ኣብ ጥንታውያን ግዝኣታት ባቢሎንን ግብጽን ይዘውተር ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ዝ ዘረጋግጽ ከኣ ኣብቲ እተን ግዝኣታት ተደኩዀናሉ ዝነበራ ቦታታት ዝተረኽበ ኣስከሬናት እተፈላለየ ውቃጦ ከም ዝተረኽቦ ይሕበር። ከንዲ ዝኾነ፡ ውቃጦ ንእተፈላለየ ምኽንያት ዓሊሙ ኣብ ቆርበት ግዝያዊ ወይ ነባሪ ስምብራት ዝገድፍ ሚላ ወይ መግለጺ መንገዲ እዩ።

ውቃጦ ሃይማኖታዊ፡ ባህላውን ፖለቲካውን መልእኽትታት ዝሓዘ ክኸውን ይኽእል። ኣብቲ ቅድም ዝጀመረሉ እዋን ብሃይማኖታዊ ድርኺት ከም ዝፈለመ ዝገልጽ ግምታት ኣሎ። ንኣብነት፡ ቀደም ዘመን ሰባት ናይ'ቲ ዘምልኽዎ ኣምላኽ ምስሉ ተሰኪሞም ካብ ክንዲ ካብን ናብን ዝንቀሳቐሱ፡ ብመንገዲ ውቃጦ ብቐሊሉ ኣብ ኣካሎም ይስእልዎ ከም ዝነበሩ ዝገልጹ



### ሰባት ከም መጽሓፍ

ብተደጋጋሚ፡ "ህይወት ደቂ-ሰብ፡ ብሓንቲ መጽሓፍ ክቐየር ይኽእል'ዩ" ክበሃል ይሰማዕ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሰባት ብዙሕ ፍልጠትን ተመኩሮን ክኾዕብዑ ብምሕላን ናብ ኣብያተ-ንባብ ክሳገሙ ይረኣዩ። እዚ ሕጂ እንምልከቶ ቤት-ንባብ ፍሉይን ቅድሚ ሎሚ ኣገልግሎት ክህብ ዘይጀንሐን - ብሰብኣዊ ቤት-ንባብ ዝፍለጥ እዩ። ሰብኣዊ ቤት-ንባብ ኣብ 2000 ዓ.ም ብሮኒ ኣበርገል ዝተባህለ ውልቀ-ሰብ ኣብ ሃገረ ዴንማርክ ጀሚሩ። ኣብቲ ቤት-ንባብ ዝመጽኡ ኣንበብቲ መጽሓፍ ወይ ጽሑፍ ዘይኮኑ ዝምልከቱ፡ ኣብ ክንዳኡ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጽኡ ሰባት ን30 ደቒቕ ብዛዕባ ታሪኽ ህይወቶም የዋግዑ። ስለዚ፡ ሰባት ኣብ ክንዲ መጽሓፍ ፕንጺሎም ምስጢር ምንባር ክፈልጡ ዝጽዕሩ ብዘቐለለ መንገዲ ተመኩሮ ካልኦት ሰባት ጸን ኢሎም ብምድማጽ ብዙሕ ፍልጠትን ሚላታት ኣነባብራን ክፈልጡ ከም ዝኽእሉ ይንገር። ናብቲ ሰብኣዊ ቤት-ንባብ ዛንታኦም ክጸወዩ ዝውሕዙ ሰባት፡ ኣብ እተፈላለየ ደረጃ መነባብሮ ዝነብሩ ብምዃኖም፡ ካልኦት ሰባት ዝሓለፍዎ ብድሆታት ብቐረባ ብምፍላጥ ኣብ ክንዲ ብደጋዊ ትርኢቶም ንምፍራድ ወይ ምውቃስ እትጓየዩ፡ ብቐረባ ኩነታቶም ክትርድኣሎም ዝሕግዝ እዩ። በዚ እምበኣር፡ ካብ ውልቃዊ ተመኩሮኦም ብዙሕ ጠቓሚ ምህሮ ክትቀስም ትኽእል። ኣብዚ እዋን እቲ ዓይነት ቤት-ንባብ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣገልግሎት እናሃበ ከም ዝርከብ ይሕበር።

ጽሑፋት ኣለው። በዚ ምኽንያት፡ ጥንታውያን ግብጻውያን ባቢሎናውያን ከም ምልክት ዝለዕቦ እምነት ንምግላጽ ይኾን ንምምሳር ንኣማልኽቶም ኣብ ኣካሎም ክውቀጥዎም ከም ዝጀመሩ ይፍለጥ። የግዳስ እተን ብዙሓት ሰዓብቲ ዘለወን ሃይማኖታት ከም ክርስትናን ምስልምናን ኣይሁድን ነቲ ተግባር ኣይደግፈኦን እየን። ስለዚ፡ ውቃጦ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ካብ ኮነ ሰባት ንዝተፈላለየ ምኽንያት ይጥቀምሉ ነይሮም። ከም መቐጸልታኡ ኣብዚ እዋን ውቃጦ ከም ምልክት ዘመናውነትን ስልጣንን ተቖጺሩ ብዙሓት ሰባት ብፍላይ መንእሰያት ክውቅጡ ይረኣዩ ኣለው። እንተኾነ፡ ንሰብ ብሰብኣዊ መንነቱ ኣተሓሳስብኡን ካልእ ክብርታቱን እንተ ዘይኩይኑ፡ ብጉዳማዊ ትርኢቱ ክትመዝኖ ኩነ ክትገልጾ ኣይከኣልን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብቲ ደቂ-ሰብ ከም ኣቕሓ ዝሸየጡሉን ዝዕደጉሉን ዝነበሩ ዘመን ውቃጦ ከም ምልክት ጊላነት የገልግል ከም ዝነበረ ይግለጽ። ኣብቲ እዋን እቶም ጉይቶት፡ ነቶም ከም ንዋይ ዘውንንዎም ሰባት "ጊላ ጎይታ እከለ" ብምባል መታን ክጸውዑ ብዘይድሌዮም ነቶም ሰባት ይውቅጥዎም ነይሮም። ካልእ እቶም ሰባት ካብቲ ክፉእ ባርነት ኣምሊጦም ምስ ዝሃድሙ'ሞ፡ ኣብቲ ዝደለይዎ ከይበጽሑ ምስ ዝተሓዙ፡ ዝግንትዎም ሰባት ብቐሊሉ "ጊላ ጎይታ እከለ" ኢሎም ንኽለልዩዎም ዓሊሞም ይውቅጥዎም ከም ዝነበሩ ሰነዳት የጽንዑ። ካልእ ውቃጦ ንመግለጺ ጅግንነት'ውን ይዘውተር ነይሩ። ንኣብነት፡ ቀያሕቲ ህንዳውያን ቀጽሪ ዝቐተልዎም ብዝሒ ሰባት ኣብ ኣካሎም ይውቅጡ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ።

ብዘይካ'ዚ፡ ውቃጦ ሓላፊ ከም መድሃኒት ክዘውተር ይረኣ እዩ። ማዕረ-ማዕሪ'ዚ፡ ብባህላዊ ድርኺት ከም መመላኸዒ፡ መግለጺ መነባብሮን ካልእን ተባሂሉ ሰባት ብዝተፈላለየ ሕብርታት ክውቅጡ ይረኣዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሃገርና ግርጻን ንምምልኻዕ ወይ ረኽሲ ምስ ዘጋጥም፡ ገለ-ገለ ሰባት ብዩጭዓ ገደሮም ይውቅጡ እዮም። እቲ መስርሕ ምሓር ብርቱዕ ቃንዛ ዝፈጥር ኩይኑ፡ ንግርጻን ብዩጭዓ ብምውጋእ ከም ዝደሚ ብምግባር፡ ጠቐር ወይ ዝተሰበረ ባትሪ (ኣብ ውሽጢ ባትሪ ዝርከብ ጸለም ባኢታ) ኣብ ትሕቲ ዝደመየ ግርጻን ይልጠፍ።

እቶም ኣብ ግርጻን ዝርከቡ ዋህዮታት ድማ ነቲ ጠቐር ወይ ባትሪ ይሕዝዎ። መብዝሕትኡ እዋን እቲ ንጥፈት ብልምዳዊ ኣገባብ ዝዘውተር ዘይውሓስ ስለ ዝኾነ ንእተፈላለየ ሓደጋ ዘቃልዕ እዩ። ኣብዚ እዋን ውቃጦ ብልምዳዊ መንገዲ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ብሓገዝ ዝተፈላለየ ማሽናት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ይዘውተር እዩ። ኣብ ሃገርና ውቃጦ ጥዕናዊ ረብሓ ከም ዘለዎ ተኣሚኑሉ ይዘውተር። ንኣብነት፡ ሕማም ጉርንጉሪት ዘጋጠመን ደቂ-ኣንስትየ ኣብ ክሳደን ክውቀጣ ይረኣያ። ከምኡ'ውን ቅርጥማት ሕቖ፡ ክሳድን ካልእ ክፋል ኣካላትን ዘለዎም ሰባት'ውን ይውቀጡ እዮም።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት እኩባት ሰባት ከም መለለዪ ሓደ ጉጅለ ብሓባር ይውቀጡ እዮም። ንኣብነት፡ ሓደ ሃይማኖታዊ ጉጅለ "ንሕና ሰዓብቲ ናይ'ዚ እምነት ኢና" ብዝብል ድርኺት ክውቀጡ ይረኣዩ። ካልእ ገበናዊ ምትእኽኻብ፡ ጉጅለን ካልኦትን እንተላስ ፈትዮም ወይ ተገዲዶም ኣብ ኣካሎም ዝተፈላለየ




ውቃጦ የትርፉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ከኣ ውቃጦ ከም መወዓውዒ ዝተፈላለየ ፍርያት የገልግል ኣሎ። ብፍላይ ዓበይቲ ኩባንያታት ውቃጦ ዘዋዕውዓሉ ገዚፍ ወፍሪ የካይዱ። እቲ ብልምዳዊ ኣገባብ ይኹን ብማሽን ኣብ ዝተፈላለየ ክፋሊ ኣካላት ዝግበር ምትኽኻታት፡ ንጥዕና ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ኣብቲ ምትኽኻታት ብዙሓት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብን ናብን ሰባት ክሰጋገሩ ይኽእሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዙሓት ቫይረሳት'ውን ክመሓላለፉ ከም ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ጥዕና ይሕብሩ። ክንዲ ዝኾነ ውቃጦ ተወሳኺ ጸገም ዝኸልዕ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ ንብዙሕ ጥዕናዊ ጸገማት ዘቃልዕ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና ድማ ጸቡቕ ክብርን ኣጠማምታን ዘይህብ ካብ ኩሉ ብፍላይ ተማሃሮን መንእሰያትን ካብዚ ተግባር ክንቆጠብ ይግባእ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ህያብ ጥምቀተይ

ኣባኖብ፡ ሰላማዊ፡ እስማዒል ተመሃሮ ሓምሻይ ክፍሊ እዮም። ኣዝዮም ዝፋተዉ ኣዕሩኽን ድማ እዮም። ኣብ ሓውሲ ከተማ ዓሊ ግድር እዮም ተወሊዶም ዓብዮም። ጎድኒ ጎድኒ ትምህርቶም ንዋይ ናይ ስድራኦም ባዕሎም እዮም ዝጓስዩወን።

ሓደ መዓልቲ፡ ወጋሕታ ተንሲኦም ንኸሉን ጥራቶም ኣለዳ ኣውጽኡወን። ክረምቲ ስለ ዝነበረ እተን ንዋይ ደኒነን መግበን ይምእርራ ነበራ። እቶም ሰለስተ ኣዕሩኽ ከኣ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮይኖም የቋምቱወን ነበሩ። ኣብ መንጎ ዕላሎም እስማዒል፡ "እዚኣን ኣጣለይ እየን" ናብተን ሓሙሽተ ኣጣል እናመልከተ እታ ወትሩ ዝዛረበ ምልእቲ ሓሳብ ደጋገመሎም።

ብኣዘራርባኡ ዝተገረመ ሰላማዊ ዓርኩ፡ ትኽ ቢሉ ኣቢሉ፥

"እንታይ ኢኻ እስማዒል ዓርከይ ኵሉ ግዜ ኣጣለይ፡ ኣግማለይ እትብል፧ ናይ እንዳ ዓርከይ! ክንደይ ዝኾና ኣጣልን ኣግማልን ተዋሂቡካ ነይሩኻ፧ ሕጂኸ ክንደይ በጺሐን ኣለዋ፧" በሎ ንምርግጋጽ።

እስማዒል፡ ነተን ናብ ኣእኻል ገጸን ዘምርሓ ዝነበራ ኣጣል፡ "ኡው ሓእ ሓእ ንዓስ! ኣቕብሊ ያ ባርህት!" ኢሉ ከም ዝምለሳ ድሕሪ ምግባር፡

"ኣብ መዓልቲ ምኽንሻበይ፡ ኣኮይ እድሪስን ሓወቦይ ዑስማንን ሓሓንቲ ዒሉ ገመል ሂቦምኒ። ሕጂ ዓብየን ኣለዋ። እቲ ኣብ ሰቲሞ ዘሎ ታጅር ኣኮይ ክልተ ነዊት ማለት መሓስኣት ሂቡኒ። ወ ክልተ ሓወቦታተይ ድማ ሓሓንቲ መሓስእ። ኣዘ 10 ኣጣል ኣለዋኒ፡ ማሻኣላህ! ገሊኣን ንትምህርተይ ኢሉ እንሓንሳእ ይባ ይሸጠን እዩ" ሰፊሕ መግለጺ ሃቦም። ኣባኖብን ሰላማዊን ቡቲ ዛንታ ኣዝዮም ተመሰጡ።

"እዚኣ እባ ግርም ባህሊ! ብኸሉን ብሄራትና ክትልመድ ዘለዋ ጽብቕቲ ልምዲ እያ። ሓደ ሓደ እዋን ኣቦይ ዑመር ክጽውዓካ እንከሎ፡ 'ይባ' ዝብለካስ ብሕጻንካ ሓዳርካ ስለ ዘውጽኣካ እዩ እምበኣር፧" በለ ኣባኖብ እናሰሓቐ፣ ሰላማውን እስማዒልን እውን ምስኡ ሰሓቑ።



እስማዒል፡ "ከምኡ ኣይኮነን ኣታ፡ ንኽብሪ ውላድካ፡ ንወድኻ 'ይባ' ኢኻ ትብሎ፧" ኢሉ ሓድሽ ትምህርቲ ኣቕሰሞም።

ሰላማዊ፡ "እሞ ንኺድ እምበር ገዛ ንእቶ፡ ረፊዱ እዩ። ኣብኡ እንክለና ከኣ ንወለድና ህያብ ናይ ጥምቀትና ንሕተቶም፧" በለ ከምቲ ናይ ዓርኮም ኣብ ቤቶም ገለ ዝተቐመጠ ነገር እንተሎ ተስፋ እናገበረ።

ኣባኖብ፡ "ጽብቕቲ ሓሳብ፡ ሎሚ ክንሓቶም ኣለና፧" በለ እሞ ንዋዮም ኩብኪቦም ናብ ደንቢኣን ኣእተዉወን። ጸባ ሓሊቦም ነደታቶም ምስ ሃቡወን እንደገና ተኣኻኸቡ።

ኣባኖብ ነቦኡ፡ "ሰማዕ እንዶ ባባ!" በሎ ብናይ ምግራም ቃና።

ሓኽሊ ዝጸርብ ዝነበረ ኣቦኡ፡ ስራሑ ገዲፉ፡ ነቲ ብትምህርቲ ብሉጽ ውላዱ፡ "ኢሂ ፋርስ ወደይ! እንታይ ደኣ ገለ ክትብል ዝደለኻ ትመስል፧" ክብል ተወከሶ።

ኣባኖብ፡ ናብቶም ክልተ ኣዕሩኹ እናጠመተ፡ "እወ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ፡ እ...እ ጥምቀተይ ከመይ ነይሩ፧" ክብል ሕቶኡ ፈለመ።

"ጥምቀትካ፧ ጥምቀትካ ደኣ ኣዝዩ ጽቡቕ! በኸርና ስለ ዝኾንካ ዘይመጽአ መቕርብን ዓርክን ኣይነበረን። ስእሊ'ኳ ኣሎ፡ ርኢኻዮዶ ኣይትፈልጥን ዲኻ፧"

ኣባኖብ ኣብ መንጎ ዘረባ ኣቦኡ፡ "ርእየዮ እምበር! ኣብ ግዜ ጥምቀተይ ወለዲ ገለ ህያብ ኣምጺኦም ነይሮምዶ፧ ሕጂ እቲ ህያብ ኣበይ ኣሎ፧" በሎ ድፍር ኢሉ።

ኣቦይ ዑመር ጥራትዶ ኣይኮናን እዘን ንዋይ፧ ኣጣልና ክንዲ ምባልስ፡ ኣጣለይ፧" በሎ፡ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተ።

ኣባኖብ'ውን ትኽ ቢሉ ኣቢሉ፥ "እዛ 'ናተይዶ ኣጣለይዶ እትብል ቃል ብዙሕ ግዜ ኢኻ ትደጋግማ፣ ኣይኮነን እዘን ንዋይ፡ ንስኻ ንባዕልኻ ናይ እንዳ ኣቦይ ዑመር ንዋይ ኢኻ፣ ገና ነፍስኻ ኣይከኣልካን ያ መልሀይ! ሰቕ ኢልካ ሓራካት ኣይትግበረልና፡ እ...ህ ...ህ...ሁ፡ " እናሰሓቐ ተዋዘየ።

እስማዒል ግና ብዘረባን ሰሓቕን ኣዕሩኹ ከይተዳህለ፡

"ወላሂ! ሓቀይ እየ፣ ኣብ ምኽንሻብ ንኣይ ዝተወሃብኩወን ገጸ በረኸት እየን። ኣብዚ ናትና ስድራ ከምኡ እዩ ዝግበር፡ ኣብ መዓልቲ ክሸቦኻ ኣኮታትካን ኣቦሓጉታትካን ኣዕሩኽ ኣቦኻን ናይ እንቋዕ ተወለድካ ሰናይ ትምኒት ኣብ ዘዘሎዎም ጸጋ የወፍዩልካ እዮም። እቲ ብሕጻንነትካ ዝተወህበካ ህያብ ኣቦኻ ከየጓደለ ክሳዕ ኣቕሚ ኣዳም እትበጽሕ የጽንሓልካ፣ ተመርዒኻ ሓዳርካ ክትፈሊ እንከለኻ ድማ ይህበካ" በሎም፡ ብዙሕ ስለ ዝተዛረበ ንኽዕርፍ ኣየር ሰሓበ።

ኣባኖብ፡ ቡቲ ጽቡቕ ባህሊ ተመሲጡ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡

"ኣንታ እዚኣ እባ ጽብቕቲ ልምዲ። ደሓር እቲ ቈልዓ ክዓቢ ከሎ ኣይሸገርን ይኸውን እምበር፡" በለ።

ሰላማዊ'ውን፡ "ሰማዕ እስከ እስማዒል

ይቕጽል...

# ዝተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሕ | | | ■ | | | | ■ |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | | | ■ |
| ■ | | ■ | | | | ■ | |
| | | | ■ | ■ | | | |
| | | ■ | | | ■ | | ■ |
| | ■ | | | ■ | | | |

## ኣገባብ ኣጸዋውታ

ኣብ ታሕቲ ናይ ጋድምን ናይ ትኹልን ቃላት ተዋሂቦም ኣለዉ። ከም መጀመሪ ድማ ፊደል 'ሕ' ተዋሂባ ኣላ። ስለዚ ካብዛ ፊደል ብምብጋስ ነዛ ዝተመሳቐለት ቃላት ስርሑዋ። ናይ ጋድም ቃላት ንጋድም፡ ናይ ትኹል ቃላት ድማ ንትኹል ጥራይ ክምልኡ ይግብኦም።

### ናይ ጋድም ቃላት

ዕምሪ
ሳዋ
ሕልና
ስምዒ
ጉያ
ፍሉይ
ናሕሲ
ሕማም
ሕጸ
ሕትም
ኣቶ
ረሳሕ
በለስ

### ናይ ትኹል ቃላት

ሕስረት
ሕሉፍ
ፈሲ
ሕቶ
ሉኪምያ
ናበይ
ዕጉግ
ሳምና
ምሳሕ
ሕሉም

## መምህር

እቲ ዘይሕለል፡ ፈጺሙ ዘይደክም
ዘየዕርብ ሕልናኡ፡ መንፈሱ ዘይቅህም
ወትሩ፡ ንቕድሚት ዝሳጎም።
ጥዋፍ'ዩ!
ንርእሱ ሓሪሩ፡ ዘብርህ ንኣእላፋት
ብርሃን'ዩ
ዝጋልህ ንደልሃመት፡ ዝጨድድ ንጸልማት፡
መሪሕ'ዩ! ዘብጽሕ ናብ ዓወት
መድሕን'ዩ! ካብ ሰንከልከል ካብ ውድቀት
መምህር!
እቲ ብመንፍዓት ተማሃሮኡ
ዝዕንደር፡ ዝሕጉስ
ዝሕበን ዝኹርዕ፡ ልቡ ዝርስርስ
ብምሒር ባህታ ጉረሮኡ ዝትርክስ
መምህር!
እቲ ብሕመቕ ደቁ፡ ዝጉሂ ዝሻቐል
ዝሓርር፡ መዓንጥዑ ዝኹምተር፡
ደም ዝነዝዕ ልቡ፡ ኣዒንቱ ዝነብዕ
ዒ...ግ ዝብል ከም ኩቦ ዝተክኽ
ንሱ!
እቲ፡ ሰብ ክነሱ ፍጡር፡ ሰብ ዝፈጥር
ሰብ ዘሪኡ፡ ሰብ ዘብቀል ምሁር!
ግርማጽዮን የማነ ተስፋማርያም

## ምስላታት

1. ላም ከም መራሒታ።
2. ሓሳዊ ይድረር እምበር ኣይምሳሕን።
3. ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ።
4. ሓጺር ኣድጊ ወትሩ ዒሉ።
5. ሕማም መበላሸዊ፡ ጽጋብ መዐሸዊ።
6. ምስጢር ካብ ቤት፡ ምኽሪ ካብ ጎረቤት።
7. ሳዕርን ልብን እናሓደረ ይበቍል።
8. ቈልዓ ብንኡሱ ቈርበት ብርሑሱ።
9. ብልሒ ከም መላጸ፡ ሓይሊ ከም ጻጸ።
10. ብንጉስ እተቘርጸት ኢድስ ዳርጋ ዘላ።
11. ተጽግበኒ ቅጫ ኣብ መቕሎኣ ከላ እፈልጣ።
12. ኣብ ኩብዲ ጽጉብ የለን ጥሙይ።
13. እዝኒ መሰታ ቀዳሞት።
14. ክንዲ ዘኾለስኩ ኢደይ ተነኽስኩ።
15. ዓሻ ምስ ዝጸልእ ከመዓልካ ይኽልእ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ንኤርትራውያን ኣደታት ንመሰል ዶ፧

ሚርያም ዮሴፍ

ዘመናዊ ዓለም፡ ሓደ ካብቲ ንሕብረተሰባት ኣብ ቀጻሊ ለውጥን ምዕባለን ጸሚዱ ዘሎ መድረኽ እዩ። ዘመናውነት ዘወለዶ ውጽኢት ድማ ንህይወት ደቂ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንኣተሓሳስባ፡ ባህሊ፡ ልምድታትን ክብርታትን ሕብረተሰባት፡ ብኣሉታውን እወታውን ሸነኹ ይጸልዎ እዩ። ስድራቤት ድማ መሰረት ሕብረተሰብ እያ። ኣብ ስድራቤታት ዝንጸባረቕ ክብርታትን ኣተሓሳስባታትን እቲ ሕብረተሰብ ዝልለየሉ መንነት እዩ ዝፈጥር። ኣደ ከኣ ቀንዲ ሕላገት ስድራቤታት እያ። ልክዕ ከምቲ ቅዲ ህይወትና ምስ ምዕባለን ግዜን ዝቕየር ዘሎ፡ ተራ ኣደ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ምስዚ ክስተት እዚ ክቕየር ወይ'ውን ክጸሎ ድማ ንቡር እዩ።

ኣደታት ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽና ከም መሰረት ሃገራዊ መንነት፡ ጽንዓት፡ መስዋእቲ፡ ጽባቐ፡ ውሕልናን ጥበብን ተባሂለን እየን ዝዝከራ። ኣብ ታሪኽና ኮነ ጉዕዞና ድማ ዓቢ ኣሰር ዘለወን እየን። ሎሚ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣደታትና ዘይነበረን ብልጫታትን ዕድላትን ክህልወና ይኽእል እዩ። ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ ስራሕን ናይ ለውጢን መድረኽ፡ ብቐንዱ ድማ ናይ ናጽነት ዕድላት ክንከስበሉ ክኢልና ኢና። ከም ውጽኢቱ ድማ ሎሚ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ብልዑል ብቕዓት ዝዋስኣ ደቂ ኣንስትዮ ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮናን። ደረጃ ንቕሓት ሕብረተሰብ'ውን ዓቢዩ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዓቢ ማሕበራዊ ለውጢ ተራእዩ እዩ። ካልእ ኣገዳሲ መዐቀኒ ንቕሓት ሕብረተሰባት ግን እቲ ዘውንንዎ ረቛሒ ሓይሊ እዩ። ባህሊ፡ ክብርታት፡ ልምድታት፡ ታሪኽ . . . ንሓደ ሕብረተሰብ ቀንዲ መለለይኡ እዮም። እዚ ዘለናዮ ዘመናዊ መድረኽ፡ ብዓለም ደረጃ፡ ዳርጋ ሓደ ዓይነት ቅዲ ህይወት ዘለዎ ዘመናዊ ሕብረተሰብ ከም ዝህሉ እዩ ዝጉብር ዘሎ። ዘመናውነት ድማ ንምዕባለ ዝድርኽ መሳርሒ ደኣ እምበር፡ ብስም ምዕባለ ንረቛሒ ሓይሊ ናይቲ ሕብረተሰብ ዝትክእ እዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ሕቶ እምበኣር፡ ሎሚ ዘለና ኣደታት ብፍላይ ድማ መንእሰያት ኣደታት፡ ንመሰረትና ንመሰልዶ ዝበል ሕቶ ኣልዒልካ ምዝታይ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ሓንቲ ኣብ ክሊ ዕድመ 30ታት እትርከብ ኣደ፡ ምስ ደቃ ኣብ እትዛረበሉ ዝነበረት እዋን እዩ። እንዳ ሓሙኣ፡ ማለት ሓሙኣን ሓማታን ክበጽሕዎም ይመጹ እሞ፡ ንደቃ በስማቶም ጸዊዓ፡ “come and say hi to grandpa and grandma” በለቶም። ብቛንቋ እንግሊዝኛ፡ ንዑ ንዓባይኩምን ኣቦሓጎኹምን ሰላም በልዎም ንምባል እዩ። ኑቶም ቆልዑ የሕጉሶም'ዩ ኢሎም ሓሲቦም ዝተማልእዎ ሕብስቲ ድማ ሁብዎም። ኣደ ደጊማ “what do you say if people give you something; say thank you” ደገመት። እዚ'ውን “ሰባት ዝኾነ ነገረ እንተሂቦምኻ እንታይ ደዩ ዝበሃል፡ የቐንየለይ በሉ” ንምባል እዩ። ብዘይ ጸገም ብቛንቋ ኣዴኦም ክበሃላ ኣሸገርቲ ኣይነበራን። እንተዀነ፡ ኑቶም ዕድመ ዝደፍኡ ወለዲ ድንግርግር ክሳብ ዝበሎም፡ ኣብ መንጎኦምን ኣብ መንጎ ደቂ ወዶምን ክፍተት ዘሎ ኮይኑ ተሰምዖም። ከምዚ፡ ኣብ ብዙሕ ስድራቤታት ንዕዙብ ኘኸውን ኢና።

ቋንቋ ናይ ሓደ ህዝቢ መንነት እዩ። መግለጺ ታሪኹ፡ ባህሉ፡ መግለጺ ስነ ልቦናኡን'ውን እዩ። ሓደ ህጻን ብቛንቋ ኣዴኡ ክዛረብ፡ ንዓብዪቲ ብቛንቋኡ ክመስዮን፡ ክኸብር፡ ክረዳዳእ እንክሎ መርኣያ ናይቲ ኣብ ቤቱ ዝኸሰኮሰ ኣተዓባብያ እዩ። ቋንቋ፡ ክብርታትን ባህልን ድማ መሰረት ሃገራዊ ፍቕርን መንነትን እዮም። ዘመናውነት ማለት ድማ፡ ንዓለምለኻዊ ፍልጠት ክፉት ምዃን፡ ፍልጠት ምኽሳብ ደኣ እምበር፡ ነቲ ሓቀኛ ናይ ገዛእ ርእስና መንነት ምህሳስ ማለት'ውን ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ዕማም ናይዘን ሕጂ ዘለና መንእሰያት ኣደታት ድማ፡ ንደቅና ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክመሃሩን ፍልጠቶም ክዕበዩን ምጽዓር፡ ካብኡ ብዘይፍለ ኑቲ መበቆላዊ ቋንቋኦምን ባህሎምን ከኣ ከም ዘይርስዕዎን ብእኡ ከም ዝኾርዑን ምግባር እዩ።

መንነት ብቛንቋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣገባብ ኣነባብራናን ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብእንኽተሎ ስነ ምግባርን ልምድታትን'ውን ዝግለጽ እዩ። ህይወትና ብዝተፈላለዩ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ይጽሎ እኳ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ኣደ ትቕልሶ ናይ ምብህሃልን ናይ ምትእኽኻብን ሃዋህው ክፍጠር ግን ኣብ ምህናጽ ሓያል ስድራቤት ኣዝዩ ዕዙዝ ተራ ዘለዎ እዩ። ኣብ ናይ ቡን ስነ ስርዓት፡ ናይ ሓብር መኣዲ፡ ናይ ስድራቤት ፍሉይ ናይ ምብህሃል ግዜ፡ ዝለዓሉ ስድራቤታዊ ዛዕባታት፡ ኑቲ ናይ መጻኢ ወለዶ ኣብ ምምእዛን ናይ ምብህሃል ዓቕሞም ክብ ኣብ ምባል፡ ስነ ምግባር ኣብ ምኹስኳስ ዘይነዓቕ ተራ ይጻወቱ።

ንደቅና ዝዘንትወሎም ዛንታታትን ጽንጽዋያትን'ውን ከም ሓደ ኣገዳሲ ኣቡኑት ክውሰድ ዝኽእል እዩ። ናይ ቀደም ኣደታትና፡ ዛንታታት፡ ምስላታት፡ ጽንጽዋያት፡ ዛንታ ጅግንነትን ክብርታትን ብመገዲ ኣፋዊ ያታ ናብ ደቀን እናበጽሓ እየን ደቀን ዘዕብያ ነይረን። ሎሚ ምስ ግዜ ኣብ ክንዲ ምስ ወለዲ ምስ ቴሌቪዥን ወይ ምስ ሞባይላት ዝሓልፍ ዘሎ ግዜ ዝበዝሐ ዘሎ ይመስል። ሞባይል፡ ታብለት፡ ኮምፕዩተር . . . ካብና ንላዕሊ ደቅና ይመልክዋ። እቲ ናይ ምብልሓት ክእሉቶም ዘደንፍዕ እኳ እንተኾነ፡ ናይ ብሉቂ በቲ ሓጋዚ ሸነኹ ንጥቀመሉ ኣለና ዲና የለናን ግን ኣካታዒ እዩ። ብፍላይ ኣደታት፡ ኣብ ገዛ ዘቤታዊ ስራሕና ክንዓጽምም፡ ከም መዐሸዊ ወይ ንቆልዑ ንምዝሓኡ መተሓዘ፡ ሞባይል ብምሃብ ስራሕና እነሰልጥ ውሑዳት ኣይኮናን። ህጻናት ደቅና ካብ ምስ ሰብ ዘለዎም ምትእስሳር ምስተን ውጽኢት ቴክኖሎጂ ዝኾና መሳርሒታት ዝያዳ ምትእስሳር ኣለዎም። እዞም መሳርሒታት ዘለዎም ኣሉታዊ ሸነኽ ንምዝሓኡ ንገደፍ ጉዲፍና፡ ኑቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ኣገባብ ምትሕልላፍ ዛንታታት፡ ምንጋር ጽንጽዋያትን ምብህሃልን ተኪእዎ ከይህሉ የሰክፍ እዩ። ስለዚ፡ ደቅና ኣብ ዲጂታላዊ ዓለም ተዋሒጦም ካብ ሰረም ከይርሕቁ'ውን ካልእ ምስትውዓል ዝሓትት ጉዳይ እዩ።

ካልእ፡ ኤርትራውያን ኣደታት ዝምስልና ባህርያት፡ ጽንዓትን ትዕግስትን እዩ። ኣደታትና ብጽንዓትተንን ትዕግስተንን ዝፍለጣ ዝነበራ ኣደታት እየን። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኮነ ኣብ ናይ ሰላም እዋናት፡ ንመከራ፡ ሕሰም፡ ኣብ ግዝኡ ንዘመጽኦ ብድሆታት ብልዑል ትዕግስቲ ሰጊረን ስድራቤተን፡ ሕብረተሰበንን ሃገረንን ዘጽንዓ ኣደታት እየን ዘለዋና። እዚ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዘይርከብ ሓደ ካብቲ መለለዪ ሕብረትሰብ ኤርትራ ዝኾነ ረቛሒ ሓይሊ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ፡ ምስ ግዜን ምዕባለን፡ ህይወት ደቂ ሰብ ብቕልጡፍ ኣብ ዝስጉመሉ ዘሎ እዋን፡ ትዕግስቲ እቲ ኣዝዩ በዳሂ ኮይኑ ዘሎ ነገር እዩ። ይዕበ ይንኣስ ፈተነታት ናይ ህይወት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ወይ'ውን ናይ ህይወት ጸቕጢ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ኑቲ ኣብ ኣደታትና ዝበረ ናይ ተጻዋርነት፡ ናይ ትዕግስትን ምጽማምን ሓይሊ፡ ከም ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ከም ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ ተላቢስና ነንጸባርቖዶ ዝበል ሕቶ ምምላስ ንኹልና ዝግደፍ እዩ። ብዮዜ ዝፈጠሮ ኣማራጺታት፡ ወይ ናይ ሓጺር ግዜ ረብሓታት ተጸሊና ኑቲ ናይ ጽንዓትን ትዕግስትን ሓይልና ይፈታተኖ ወይ የጉድሞ ኣሎ ደዩ ዝበል ኣርእስቲ'ውን ካልእ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ተራ ናይ ኣደ ኣብዚ መዳይ ድማ መሰረታዊ እዩ።

ምዕባለ፡ ብዙሕ ጽቡቕ ዕድላት ሒዙ ይመጽእ እዩ። ብትምህርቲ ዝድለብ ረብሓታት፡ ናይ ሓብሬታ ተበጻሕነት፡ ቴክኖሎጂ ወዘተ። ምስዚ ተተሓሒዞም ዝኸዱ ብድሆታት ድማ፡ ንክብርታት ሓንቲ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ዘሰግኡ ባህላዊ ወረር እዩ። ንኣብነት፡ ኑቲ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዘሎ መልክዕ ናይ ኣነባብራ፡ ከም ቀንዲ መግለጺ ዘመናዊ ስድራቤት ተሓሲቡ ክንበህጎን ክንምጽኖን ኣብ እንረኣየሉ ግዜ፡ ኑቲ ምዕባለ ብኣቋራጭ ንምብጻሕ፡ ናብቲ ምዕቡል፡ ስልጡን ወይ ዘመናዊ ኮይኑ ዝተራእየና ኣማራጺታት ንሽይድ። ኑቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብና ብምዃን ክንዛንጸን ክንከላኸሎን ዝግበኣና ክብርታት ስድራቤት ድማ፡ ኣብ ዓዲ ጓና፡ ምስ ባህሊ ጓና ብምዃን ክንቃለሶ ንመርጽ። ኣደታት ከኣ ዓንዲ ስድራቤታት ከም ምዃነን መጠን ኑቲ ብኣቋራጭ ምኖት ናይ ምምራጽ ባህሊ ክቃለሱ በንጻሩ ድማ ኑቲ ኣብ ኤርትራውያን ኣደታት ዝበረን ክህሉ ዘለዎን ናይ ትዕግስትን ጽንዓትን ባህሊ ክሰሰኑ ሓላፍነት ዝተሰከማ እየን።

ብተወሳኺ፡ ኣደታት ኤርትራ፡ ኣደታት ናይ ዝወለድኦም ደቀን ጥራይ ኣይነበራን። ኣደታት ናይቲ ሕብረተሰብ'ውን እየን ነይረን። ንዝዀኣን ጥራይ ዘይኮኑ ንገረባብተን ይኣልያ፡ ይዕንግላ፡ ይምህራን ይእርማን። ብዙሓት ሰባት፡ “ኣደይ ክስቶ ኣደና እየን ነይረን፣ ኣብ ገዛውትና ኣዕብየናና እየን” ክብሉ ንሰምዕ ኢና። ህጻናት ካብ ቤቶም ወጺኦም እቲ ሕብረተሰብ እዩ ዘዕብዮም ነይሩ። ኩሉ ዓገብ ይብል፣ ምኽንያቱ፡ ቆልዑ ብመማኽርትን ኣልያን ወለዶም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ብኣልያ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ክዕብዩ ስለ ዘለዎም። ሎሚ ግን ኣነባብራና ምስ ግዜ፡ ምስ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት እናተቐየረ መጺኡ እዩ።

ህይወትና ወይ ኣተዓባብዮና ኣብ ቤትና ጥራይ እናተሓጽረ መጺኡ። እቲ ንገረቤትካ ከም ወላድካ፡ ንወላድካ ድማ ከም ቆልዓ ናይቲ ሕብረተሰብ ሓሲብካ ዝግበር ናይ ኣልያ መስርሕ ብመጠኑ ክጸሎ ናይ ግድን እዩ። ንዘይወላድካ ዓንብ ምባል፡ ምምዓድ፡ ምቕጻዕ ከም ምድፍፋር ክሕሰብ እንተ ጀሚሩ፡ እቲ ብሓባር ዝኸሰኮሰ ክብርታት ብኣሉታ ክይጽሎ ምስትብሃል የድሊ እዩ።

ብሓፈሻ፡ ኤርትራውያን ኣደታት ዝልለያሉ ፍሉይ ናይ ኣደነት ባህሪ፡ ሓደ ካብቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሓልፍ ዘለዎ፡ ኣካል ረቛሒ ባህላዊ ክብርታትና ዝኾነ መለለዪ እዩ። ሕጂ ዘለና መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ብትምህርቲ፡ ንሰን ብልቦናን ጥበብን ንሕና ብዋያ ንሰን ኣብ ተመክሮ ብዘማዕበላኦ ውሕልነት ተወሲቡ ዝሽይድ ሃብታም ክብርታት ኣለና። ካብኣን ዝወረስ ድማ ብቐንዱ እቲ ረቛሒ ሓይሊ እዩ። ንኤርትራውያን ኣደታትና ንመስልዶ ክንብል ከለና፡ ኑተን ሕጂ ዘለዋ ኣደታት ንምንቃፍ ወይ ተራኣን ኣነኣኢስካ ንምግላጽ ኣይኮነን። ኣጉቡን መልክዑን ይፈላለ እምበር፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝጻወትኦ ተራ ልዑል ኩሉ ዝስረዕ እዩ። ካብዚ ዘለናዮ፡ ከም ሕብረትሰብ ክንስውድን ክንሕይልን ግን ዋላ ኑቲ ሳሕቲ ኣጋጢሙ ክንርእዮ ዘይንደሊ ተርእዮታት ኣብ ምቃላስ ክንከኣቶሉን ከስተውዕለሉን ስለ ዘለና ጥራይ እዩ። ኑቲ ኣብ ኣደታትና ዝበረ ናይ ጽንዓት፡ ናይ ምጽማም፡ ናይ ትዕግስቲ፡ ናይ ኣልያን ስድራቤት ናይ ምህናጽ ሓያል ተራን ሎሚን ንሓዋሩን ንምብራኹ ስራሕ የድልየና። ዘመናውያን ኣደታት ማለት ከኣ፡ ማዕረ ማዕረ እቲ ኣብ ኑብስና፡ ደቅናን ስድራቤትናን እንገብሮ ናይ ትምህርትን ካልእን ወፍሪ ኑቲ ብሉጽ ጎደኒ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብ፡ ታሪኽን ባህልን ኣብ ምስጋጋር ንመጻኢ ብመንኩቶም፡ ባህሎምን ቋንቋኦምን ዝሕብሩ ወለዶ ኣብ ምፍራይ ጥራይ እዩ ዝያዳ ትርጉምን ርዝነትን ዝህልዎ።





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር ‘እዚ ምዕራብ’ . . .

ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ቅኑ ኣሃዱታት እዚ ምዕራብ፡ ብኽልተኡ ጾታ ብኩዕሶ እግሪን መርገብገብን ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታ ደርማስ ኣብ መበል 16 ደቒቕ ካብ መድሃኔ ካሕሳይ ብዝረኸበታ ሹቶ፡ ንቢሻ ብጸቢብ 1-ብ0 ሰዒራታ። ሲሞቲ ድማ፡ ንሂላል ብዓብላሊ ጸወታ 3-ብ0 ኣፋንያታ። መትከል ትካቡ ሚካኤል ሰይፉን ኢሰርም ተኽለን ሹቶታት ኣመዝጊቦም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዓውዲ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣውላን ሃዋሻይትን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ቢሻ ብመገዲ ሰላማዊት ካሕሳይ ብዘመዝገበታ ሹቶ፡ ንደርማስ 1-ብ0 ሰዒራታ። ጋንታ ሂላል’ውን ካብ ፊያና የውሃንስ ብዘመዝገበታ ሹቶ፡ ንሲሞቲ 1-ብ0 ሰዒራታ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ኩዕሶ መርገብገብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዋልታ ንኮኹብ፡ ላልምባ ንጎዲ ሸሩም ከምኡ’ውን ኣውላ ንሃዋሻይት ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ሰዒረንአን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ፈንቅል ንኮኹብ 3-ብ0 ክትስዕሮ እንከላ፡ ዱታ ንገርሰት ከምኡ’ውን ኩታይ ንባርካ ብተመሳሳሊ 3-ብ1 ከምዝሰዓረአን ሓበሬታን ኣስዳሲን ናይቲ እዚ ሓቢሩ።

## ዶውማን፡ ሰለስተ ሰርቲፊኬት ‘ጊነስ’ ተቐቢሉ

ወዲ 16 ዓመት ተጻዋታይ ኣርሰናል - ማክስ ዶውማን፡ ሰለስተ ሰርቲፊኬት ክብረ ወሰን ዓለም ‘ጊነስ’ ተቐቢሉ።

እዚ እንግሊዛዊ፡ “ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ሹቶ ዘመዝገበን ዋንጫ ሊግ ዝልዓለን ዝነኣሰ ተጻዋታይ” ከምኡ’ውን “ዝነኣሰ ተሰላፊ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ” ብምዃን እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ‘ጊነስ’ ሰፊሩ ዘሎ።

ዶውማን፡ ኣብ ሕዳር 2025፡ ኣብ መበል 15 ዓመትን 308 መዓልታትን እንከሎ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምስላፉ፣ ኣብ መጋቢት 2026 ኣብ መበል 16 ዓመትን 73 መዓልታትን እንከሎ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ሹቶ ብምቑጻሩ፡ ወዲ 16 ዓመትን 144 መዓልታትን ምስ ኮነ ድማ፡ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ 2025-26 ብምልዓሉ እዩ፡ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ዓለም ሰፊሩ ዘሎ።



## ዜና ብሓጺሩ

* ኣሰልጣኒ ቸልሲ - ዣቪ ኣሎንሶ፡ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዘለዉ ወሳኒት ተጻወትቱ - ሪስ ጄምስ፡ ጃኦ ፐድሮን ኮል ፓልመርን ልምምድ ምጅማሮን ጸወታ ከርክቡ ምስ ግዜ ይቀዳደሙ ምህላዎም ሓቢሩ።

ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 10ይቲ ዘላ ቸልሲ፡ ሎሚ ንቦርንማውዝ ዓዲማ ክትጻወት እያ።

* ሓለቓ ጋንታ ባርሴሎና ዝኾነ ራፊንያ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ኣብ ዝስዓብ ክልተ ግጥማት ክለቡ ከምዘይከተር፡ ዓላሚ ናይታ ክለብ ሃንሲ ፍሊክ ኣፍሊጡ። ዓቢ መጉዳእቲ ከምዘይኮነ ግና ሓቢሩ።

ብ12 ሹቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ላ’ሊጋ ዘሎ ራፊንያ፡ 29 መስከረም ንሃገሩ ብራዚል ወኪሉ ኣንጻር ኣውስትራልያ እናተጻወተ እዩ’ ኣብ የማይቲ ስለፉ ናይ ጭዋዳ ጸገም ኣጋጢምዎ።

መራሒት ላ’ሊጋ ዘላ ባርሴሎና፡ ሎሚ ንገታፈ ዓዲማ ክትጻወት እያ።

* ዓላሚ ሊቨርፑል - ኣንዶኒ ኢራዮላ፡ ሰንበት ንማን ሲቲ ዓዲሞም ኣብ ዘካየድዎ ዓቢ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ብዘይ ኣጥቃዕቲ ኮዲ ጋክፖን ኣሌክሳንደር ኢሳቕን ክጻወት ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ወቕቲ ጸቡቕ ኣቓልም ዘለዉ እዞም ተጻወትቲ፡ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ብድምር ሓሙሽተ ሹቶታት ኣመዝጊቦምን ሰለስተ ናይ ሹቶ ቀረባት ገይሮምን ኣለዉ።

ይኹን እምበር፡ ጋክፖ ንሆላንድ፡ ኢሳቕ ድማ ንሽወደን ወኪሎም ኣብ ዝተጻወትዎ ኣህጉራዊ ግጥማት፡ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞም፡ ንሓጺር ግዜ ካብ ጸወታ ክርሕቁ ተቓሲቦም ኣለዉ።

ወዲ 21 ዓመት ናብ ክንፊ ኣጥቃዓይ - ለዊስ ኮማስ፡ ብዘበርክቶ ናይዞም ተጻወትቲ ካብ ፈለማ ናይ ምስላፍ ዕድል ክረክብ ትጽቢት ኣሎ።

* ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቤን - ጊርናቶ ርህር፡ ኣብቲ ሰሉስ ምሸት ምስ ኣርጀንቲና ዘካየድዎ ናይ ምሕዝነት ጸወታ፡ ተጻወትቱ ከምዝይተሓጎሱ ገሊጹ።

ንሱ፡ “ኣርጀንቲናውያን ዝኾነ ነገር ንተጻወትትና ኣይሃቡዎምን። ማልያ ክንቅይሮ ደሊና ኔርና። ናብቲ ናይ ተጻወትቶም ኮሪደር ክንኣቱ’ውን ኣየፍቀዱልናን፡ ጸጥታ ኣርሒቖምና እዮም።” ክብል ገሊጹ።

እታ ግጥም ካብ ኣህጉራዊ ግጥም ጥሮታ ምውጻኡ ዝፍለጠ መስ፡ ወግዓዊት መፋነዊ እያ ነይራ።

## ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል፡ ንቁጽሪ 7 ማልያ ሮናልዶ ጥሮታ ከተውጽኣ ትኽእል’ዶ፧

ዝሓለፈ ሰሙን ሓደ ካብ ዝዓበዩ ኣርእስቲ ስፖርት ዝነበረ፡ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ምስ ዓላሚ ፖርቱጋል ጆርጅ ጀሰስ ብዘይምስምማዑ፡ ካብቲ እታ ሃገራዊት ጋንታ ዓኪራትሉ ዝነበረ ቦታ ለቒቑ ገዛኡ ምምርሑ እዩ።

እቲ ምኽንያት ብተደጋጋሚ ዝተገልጸ ኮይኑ፡ ክሽዑ ግና፡ ፖርቱጋል፡ ሮናልዶ፡ ድሕሪ ናብ ገዛኡ ምምርሑ፡ ብቐጥታ ቁጽሪ 7 ማልያኡ፡ ንራፋኤል ለኣው ምሃብ ዝተላዕለ ዓቢ ዛዕባ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን ብዙሓት ወገናት፡ ፖርቱጋል፡ እንተውሓደ ማልያኡ ክትዕቅቦሉ ከምዝነበራ ብምግላጽ፡ ንሮናልዶ ክብሪ ከምዘይኸፈልኣቶ ገሊጾም። ነታ ማልያ ንዝተቐበሎ ለኣው ዝፈረፍዎ’ውን ነይሮም።

ይኹን እምበር፡ ብመሰረት ሕጊ ዩኤፋ ኔሽንስ ሊግ፡ ሓንቲ ሃገራዊት ጋንታ 23 ተጻወትቲ ክትመርጽ ይፍቀዳ፡ ካብ 1 ክሳብ 23 ቁጽሪ ድማ ክትህቦም ኣለዋ።

በዚ ከኣ ዝኾነ ተጻዋታይ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ካብ ጋንታኡ እንተተኣልዩ ዝለበሶ ዝነበረ ማልያ ንኻልእ ተጻዋታይ ትውሃብ።

ምናልባት፡ ሮናልዶ ጥሮታ እንተወጺኡ’ውን፡ ማልያኡ ምስኡ ጥሮታ ክትወጽእ ኣይትኽእልን እያ - ወላ’ውን ፖርቱጋል እንተደለየት።

ምኽንያቱ፡ ሓደ ካብ ሕግታት ዓለምለኻዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት (ፊፋ) ከምኡ’ውን ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ)፡ ሓንቲ ጋንታ 26 ተጻወትቲ ጥራይ ትመርጽ። ካብ 1 ክሳብ 26 ቁጽርታት ጥራይ ክትህብ ድማ ይፍቀዱ።




ሮናልዶ፡ ድሕሪኡ ማልያኡ ምስ ዝተቐበላ ሊኣው

ንኣብነት፡ ኣርጀንቲና፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብወግዒ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ዝወጸ ተጻዋታያ ሊዮኔል መሲ፡ ከም መግለጺ ክብሪ ማልያኡ ቁጽሪ 10 ጥሮታ ከተውጽኣ ድሌት ከምዝለዋ ገሊጸ ነይራ። ልክዕ ከምቲ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም 2002 ንክብሪ ዲያጎ ማራዶና ነቲ ቁጽሪ ጥሮታ ከተውጽኣ ዝሓሰበቶ እሞ፡ ፊፋ ግና፡ ሕተቶኣ ዝነጸጎ።

ስለዚ፡ ዝኾኑት ሃገራዊት ጋንታ፡ ናይ ተጻዋታይ ማልያ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ክትገብራ ኣይትኽእልን እያ። ካብኡ’ዉም ክትመርጾም ዝግበኣ ተጻወትቲ፡ ሓደ ተጻዋታይ ብምጉዳል ግና፡ ክትኣልያ ከምእትኽእል፡ ገለ ምንጪታት ይገልጹ።

ብመንጽሩ፡ ኣብ ናይ ክለባት ውድድር፡ ሓንቲ ጋንታ ደስ ዝበለታ ማልያ፡ ንክብሪ ተጻዋታያ ዳግማይ ካልእ ተጻዋታይ ከምዘይለብሶ ክትገብር ትኽእል እያ።

ቁጽሪ 10 ማልያ ማራዶና ኣብ ናፖሊ፣ ኣብ ኤሲ ሚላን ቁጽሪ 3 ናይ ፓውሎ ማልዲኒ (ምናልባት ደቁ ነታ ጋንታ እንተወኪሎማ ክለብስዋ ይፍቀዶም)፣ ከምኡ’ውን ቁጽሪ 6 ናይ ፍራንኮ ባረሲ፣ ኣብ ኢንተር ሚላን ቁጽሪ 4 ናይ ጃቪር ዛነቲ፣ ኣብ በርሚንግሃም ሲቲ ቁጽሪ 22 ናይ ጁድ በሊንግሃም፡ ከምኡ’ውን ሊቨርፑል ብሞት ንዝተፈልየ ዲያጎ ጆታ ክትብል ቁጽሪ 20 ጥሮታ ዘውጽኣትን ካልኦትን ብክለባት ዝወጻ ቁጽርታት እየን።

## “ዓወታት ማን ሲቲ ኣይተደወነን” ማረስካ

ዓላሚ ማን ሲቲ - ኢንዞ ማረስካ፡ ዓወታትን ጸዋኣትን ናይታ ጋንታ ብፍጹም ከምዘይተደወነ ገሊጹ - ድሕሪቲ ብጥሕሰት ፋይናንስያዊ ሕግታት ገበን ኮይና ምርካባ።

ማን ሲቲ፡ ካብ 2009 ክሳብ 2018 ጸኒሑይን ሓቀኛን ፋይናንስያዊ ጸብጻብ ከምዘየቕረበት ዝሓበረ ፕሪመር ሊግ፡ ኣብ ኩሉ 115 ክሲታት ገበነኛ ምዃና ዝሓለፈ መዓልታት ኣፍሊጡ እዩ። እንተ ንሱ፡ ዛጊት ገበነኛ ከምዘይተኾነት ትገልጽ፣ ይግባይ’ውን ኢላ ትርከብ።



ድሕሪ ምውጻእ ፐፕ ጓርድዮላ መዚኑት ምዕላም ናይዛ ጋንታ ተቐቢሉ ዘሎ ማረስካ፡ ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ኣብ ወሃንታ እምነት ከምዘለዎን ኑቲ ናይ ይግባይ መስርሕ ክዕወቱሉ ምኳናም ከምዝኣምኑን ገሊጹ። ዓወታት ማን ሲቲ በዚ ክሲታት ተደዊኑ ንዝብል ሕቶ ድማ ‘ብፍጹም’ ክብል መሊሱ።

ድሕሪቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተዋህበ ብይን፡ ጽባሕ ሰንበት ናብ ሊቨርፑል ተጓዒዛ ክትጻወት እያ - መራሒት ፕሪመር ሊግ ዘላ ማን ሲቲ።

ማረስካ ብዛዕባ’ዚ ግጥም፡ “ብርግጽ ከቢድ ጸወታ ክኸውን እዩ፡ ሃዋህው ስታድዮም ኣንፊልድ ንፈልጦ ኢና፡ ስለዚ ኣብዚ ጸወታ ከተኩር ኣለና። ወላ’ኳ ብሰንኪ እዚ ጉዳይ ዝኸበደ ክኸውን ዝኽእል እንተኾነ ስራሕና ግና፡ ዝኾኣለና ጊርና ክንዕወት ምፍታን እዩ። ኣሰልጣኒ ክኸውን ዝወሰንኩሉ ምኽንያት ድማ ከምዚ ዓይነት ግጥማት እዩ።” ኢሉ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

*** ፕሪመር ሊግ ሻዱሻይ ሰሙን**

ኣርሰናል - ሊድስ 2:30 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ብሬንትፎርድ 5:00 ድ.ቀ
ኢፕስዊች - ፉልሃም 5:00 ድ.ቀ
ቸልሲ - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ
ሳንደርላንድ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ
ማን ዩናይትድ - ቶተንሃም 7:30 ድ.ቀ

*** ላ’ሊጋ ሻሙናይ ሰሙን**

ኣላቨስ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 5:15 ድ.ቀ
ባርሴሎና - ገታፈ 7:30 ድ.ቀ
ሪያል ማድሪድ - ቪያሪያል 10:00 ድ.ቀ

## ግምታት ክሪስ ሰቱንን ኮምፕዩተርን ኣብ ሻዱሻይ ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ

| | ኣርሰናል - ሊድስ | ኣስቶን ቪላ - ብሬንትፎርድ | ቸልሲ - ቦርንማውዝ |
|---|---|---|---|
| ሰቱን | 2 - 0 | 2 - 1 | 3 - 1 |
| ኮምፕዩተር | 3 - 1 | 2 - 2 | 2 - 0 |
| | ኢፕስዊች - ፉልሃም | ሳንደርላንድ - ብራይተን | ማን ዩናይትድ - ቶተንሃም |
| ሰቱን | 1 - 1 | 1 - 1 | 2 - 1 |
| ኮምፕዩተር | 1 - 1 | 1 - 2 | 2 - 1 |
| | ፓላስ - ኖቲንግሃም | ሃል - ኤቨርተን | ሊቨርፑል - ማን ሲቲ |
| ሰቱን | 0 - 1 | 1 - 1 | 1 - 2 |
| ኮምፕዩተር | 1 - 1 | 1 - 1 | 2 – 2 |

ብዘይካ’ዚ፡ ሰቱን ጸወታ ኮቨንትሪን ኒውካስልን 1-ብ1 ክዛዘም’ዩ ክብል እንከሎ፡ ኮምፕዩተር፡ ኒውካስል 2-ብ1 ክትዕወት ገሚታ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ንኢራን ክሳብ ሕዳር ክም ዘይድብድባ ኣፍሊጡ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቅድሚ እቲ ዝመጽእ 3 ሕዳር ዝካየድ ናይ ፍርቂ ወቕቲ ምርጫ ሃገሩ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ከም ዘይፍጽም ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ሃገሩን ኢራንን ኑቲ ድሮ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ዘሎ ኩናት ደው ንምባል ዘኽእል ‘ፍረ’ ዘለዎ ዘተ የካይዳ ምህላወን’ውን ገሊጹ።

ዝሓለፈ 28 ለካቲት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ህዝቢ ንዘለበሮ ተቐባልነት ከም ዘንከ፡ ክጉብሮ እንከሎ፡ ንብዙሓ. መናብር ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ኣብ ባይቶ ድማ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ዝካየድ ናይ ፍርቂ ወቕቲ ምርጫ ብኣሉታ ክጸልዎ ከም ዘኽእል እዮም ምንጭታት ዘረድኡ።



ብመሰረት ጸብጻባት፡ 60 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኣመሪካ፡ ከምኡ’ውን ሓደ ካብ ኣርባዕተ ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን፡ ኑቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ኢራን ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕትታት ኣይድግፍዎን እዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት፡ ኢራንን ኣመሪካን ኑቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ ግጭት ደው ንምባልን መጸብጦ ሆርሙዝ ንምኽፋትን ከም ዘኽእል ዝገለጻኦ እማመታት ሰላም’ኳ እንተ ተለዋወጣ፡ ኣብ ፍረ ግን ክበጽሓ ከም ዘይከኣላ እዩ ዝግለጽ።

## ካምቦዲያን ቬትናምን፡ ዝምድናአን ከደንፍዓ ተሰማሚዐን

ትማሊ ዓርቢ፡ ካምቦዲያን ቬትናምን ኣብ ንግዲ፡ ጸጥታ፡ ትምህርትን ምግታእ ንግዲ ዕጸ ፋርስን ዘለወን ዝምድናን ምትሕብባርን ንምዕባይ ዘኽእለወን ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከም ዝኸተማ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካምቦዲያ ሃን ማኔት ሓቢሩ።



እቲ ናይ ምኽታም ስነ ስርዓት፡ መራሕቲ መንግስታት ክልቲአን ሃገራት ኣብ ከተማ ፕኖም ፔን - ካምቦዲያ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ እዩ ተፈጺሙ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቬትናም ሊሚን ሃንግ፡ ክልተኣዊ ታሪኻዊ ምሕዝነት ናይተን ሃገራት ንምትራር፡ ኣብ ቁጠባን መጎዓዝያን ዘለወን ምትእስሳር ንምሕያል፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ዛዕባታት ዘለወን ኣጠማምታ ንምዕማቕ ኣብ ዘኽእልዎም ስትራተጂታት፡ ምስ ካምቦድያዊ መዘናኡ ከም ዝዘተየ ተገሊጹ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ ሚን፡ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ንደሓር፡ ኣብ ካምቦዲያ ናይ መጀመርያ ወግዓዊ ምብጻሕ ንምፍጻም ትማሊ ዓርቢ ናብታ ሃገር ከም ዝኣተወ’ዩ ዝሕበር።

## ታንዛንያ - ብሓደጋ ተሸከርከርቲ 28 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ከተማ ሞሮጎሮ - ታንዛንያ፡ ሓንቲ ናይ ህዝቢ ኣውቶብስ ምስ ዓባይ ናይ ጽዕነት ማኪና ብምጋጨዋ፡ 28 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ድሕነትን መጥፋእቲ ሓውን ናይታ ሃገር ሓቢሩ።



እቲ ክፍሊ ወሲኹ፡ እቲ ሓደጋ ኣብቲ ንከተማታት ሞሮጎሮን ዳር ኣስሳላምን ዘራኽብ ቀንዲ ጽርግያ ኣብ ግዜ ለይቲ ከም ዘጋጠመ ኣፈሊጡ።

እታ ብርክት ዝበሉ ተገዓዝቲ ኣሳፊራ ምንባራ ዝተሓበረላ ኣውቶብስ፡ ምስታ ዕንጸይቲ ጽዒና ዝነበረት ዓባይ ናይ ጽዕነት ማኪና ድሕሪ ምልታማ፡ ምሉእ ብምሉእ ብሓዊ ከም ዝተቓጸለት ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ኣብ ታንዛንያ፡ ብሰንኪ ሓደጋታት ተሸከርከርቲ ኣብ ዓመት ከቢ. 10 ሽሕ ሰባት ከምቱ እንከለዉ፡ ሸለልትነት መራሕቲ ተሸከርከርቲ፡ እርጋን ተሸከርከርትን ሕማቕ ኩነታት ጽርግያን ከኣ ገለ ካብቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ጠንቅታት ናይቲ ሓደጋ ምዃኖም ጸብጻባት የመልክቱ።

## ጀርመንን ብሪጣንያን፡ ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከቲመን

ጀርመንን ብሪጣንያን፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባ፡ ጸጥታን ምክልኻልን ዘተኮሩ ስምምዓት ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዓት፡ ቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝን ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኣንዲ በርንሃምን ኣብ ከተማ በርሊን ድሕሪ ዘካየድዎ ዝርርብ እዩ ተኸቲሙ።

እቶም መራሕቲ መንግስታት ዝኸተምዎ ስምምዓት፡ ክልተአን ሃገራት ጸጥታዊ ሓበሬታታት ክለዋወጣ፡ ግዳማዊ ተጻብኦታት ብሓባር ክምክታን መጥቃዕቲ ሳይበር ንምግታእ ድማ ክተሓጋገዛን ዘኽእለን ምዃኑ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ኣብ መዳይ ቁጠባ ድማ፡ ብሪጣንያን ጀርመንን፡ ንግዳዊ ምልውዋጥ ክስፍሓን ኢንዱስትርያዊ ትሕተ ቅርጺ ኣብ ምውዳድ ክተሓባበራን ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ብሪጣንያን ጀርመንን ኣብ 2025 ልዕሊ 130 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ልውውጥ ምክያደን ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ መዳይ ቴክኖሎጂ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ምምዕባል ሰብ ሰርሖ ብልሒ ሓባራዊ ወፍሪ ክገብራ ምዃነን ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ኣብ 2020 ካብ ኣባልነት ኤውሮጳዊ ሕብረት ጠቕሊላ ዝወጸት ብሪጣንያ፡ ኑቲ ሕብረት ደጊማ ክትጽንበር ከም እትኽእል እዩ ዝእመት ዘሎ።



## ሜክሲኮ - ኣብ ቤት ማእሰርቲ 10 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ከተማ ሲናሎዋ - ሜክሲኮ ኣብ ዝርከብ ሓደ ማእከል ቤት ማእሰርቲ ኣብ መንጎ እሱራት ብዝተፈጥረ ዕግርግር፡ ሓደ በጻሒ ዝርከቦም 10 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 16 ሰባት ከኣ መጉዳእቲ ከም ዘጋጠሞም፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ከተማ ሓቢሮም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ኣባላት ጸጥታ ብዘካየድዎ ቅልጡፍ ምትእትታው፡ እቲ ዕግርግር ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ከም ዝኣተወ ገሊጾም።

ኣባላት ጸጥታ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ፡ ጠንቂ ናይቲ ግጭት ንምፍላጥ መርመራ የካይዱ ምህላዎም ድሕሪ ምሕባር፡ ንግዜኡ እቲ ቤት ማእሰርቲ ንበጻሕቲ ዕጹው ኮይኑ ከም ዘሎ ኣፍሊጦም።

ሲናሎዋ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ንግዲ ዕጸ ፋርስ ዝጥዓ ብርክት ዝበሉ ዕጡቓት ጉጅለታት ዝርከበወን፡ ብዘለወን ጸጥታዊ ቅልውላው ዝፍለጣ ከተማታት ሜክሲኮ እያ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 10/10/2026 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565